ኢፕድ

# ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቁፅሪ 18 5 መጋቢት 2016 ዓ.ም

ሓሙስ

ብር 10.00




# ‹‹ትካላት ኢትዮጵያ ብኣህጉርን ዓለምለኸን ብርኪ ተወዳዳሪነት ምዕባይ ትፅቢት ይግበረሎም ››

• ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ትካላት ኢትዮጵያ ብኣህጉርን ዓለምለኸን ብርኪ ተወዳዳርነት ምዕባይ ትፅቢት ይግበረሎም ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም።

መርሃ ግብሪ ሽልማት ዕውታት ትካላት ኢትዮጵያ ኣብ መዘከርታ ዓወት ዓድዋ ኣብ ዝተኻየደሉ ፤ ንሚኒስቴር ግብርና ( ስርናይ ፕሮግራም ልምዓት )፤ ንመንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ፤ንኢትዮ ቴሌኮም ፤ንትካል ግልጋሎት ፖስታ ኢትዮጵያ ከምኡ 'ውን ንፕሮጀክት ህንፀት ዓብይ ግድብ ህዳሰ ሽልማት ኣፍልጦ ኣበርኪቶም።

ኣብቲ እዋን ኣብ ዝገበርዎ መደረ ትካላት ኢትዮጵያ ዓቕሞም ብምጥንኻር ብኣፍሪካን ዓለምለኸን ብርኪ ተወዳዳሪነቶም ዘዕብይሉ መገዲ ምፍጣር ከምዝግባእ ኣመልኪቶም።

ሽልማት ዕውትነት ትካላት ኢትዮጵያ እንትዳሎ ዉሑዳት ትካላት መረኣያ ብምግባር ኣፍልጦ ብምሃብ

‹‹ትካላት...ገፅ 6



# “መንግስቲ ናህሪ ዋጋ ንምርግጋእ ዝተናበበ ስጉምቲ ፖሊሲ እናወሰደ 'ዩ”

- ኢዮብ ተካልኝ (ዶ/ር)

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ፡-መንግስቲ ናህሪ ዋጋ ንምርግጋእ ዝተናበቡ ስጉምትታት ፖሊሲ ገንዘብ፣ ፊስካልን መፍረያይነትን እናወሰደ ከምዝኾነ ሚኒስትር ዴኤታ ገንዘብ ኢዮብ ተካልኝ (ዶ/ር) ገሊፆም።

ኣብ ኢትዮጵያ መሰረታዊ ፀገማት ህዝቢ ካብ ዝኾኑ ኢኮኖሚያዊ ጉዳያት እቲ ሓደ ናህሪ ዋጋ ምኳኑ ዝፍለጥ 'ዩ። ብፍላይ ኣብ ትሑት ብርኪ መነባብሮ ዝርከቡ ክፍላት ማሕበረሰብ ናይ ምግዛእ ዓቕሞም ዝተሓተ

“መንግስቲ... ገፅ 6

# ሕብረት ዳያስፖራ ኣብ ዳግመ ሕውየት ትግራይ 'ውን ዓቕሙ ክርእይ ይግባእ ተባሂሉ

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ሕብረት ዳያስፖራ ትግራይ ኣብ እዋን ዳግመ ሕውየት ትግራይ 'ውን ዓቕሙ ክርኢ ይግባእ ክብሉ ሚኒስትር ምክልኻል ሃገር ኣብርሃም በላይ (ዶ/ር) ገሊፆም።

ዶክተር ኣብርሃም ኣብ እዋናዊ ኩነታት ትግራይ ኣድሂቦም ምስ ኢቲቪ መደብ ደሃይ ትግራይ ኣብ ዝነበሮም ፃንሒት ከምዝገለፅዎ ፤ ትግራይ ብዙሕ ሓይሊ ምሁር ኣብ ዝተፈላለየ ዓለም ዝተበተነ ኣብ ዝተፈላለየ ስራሕ ተዋፊሩ ዝሰርሐ እሞ ድማ ከም ሓደ ተወዲቡ ክሰርሕ ዝኽእል ዓቕሚ ዝሓዘ ዳያስፖራ ዘለዋ 'ያ ።

ሕብረት ዳያስፖራ ኣብቲ እዋን ፀገም ሪእናዮ ኢና ኸዚ 'ውን ብዝተወሰነ መለክዑ እናተርኣየ 'ዩ ዝበሉ ዶክተር ኣብርሃም፤ ማሕበረሰብ ዳያስፖራ ኣብ ትግራይ ዘለዉና ፀገማት ክፈትሕ ክሕግዝ ኣለዎ፤ ፀገም ኣሓተሳስብ የብሉን፣ፀገም ፍልጠትየብሉን ፣ ፀገም ዓቕሚ ኢኮኖሚ 'ውን የብሉን ፤ እዚኦም ደሚሩ ኣብቲ ህንፀት ሰላምን ኣብ



ኣብርሃም በላይ (ዶ/ር)

ሕውየት ትግራይ እንድሕር ሓጊዝና ዓብይ ዓቕሚ'ዩ ኢሎም። ድምፂ ትግራይ ኣብ ፀገም እዋን ዝስማዕ

ሕብረት ዳያስፖራ... ገፅ 6

# ሓረስታይ ትግራይ መዋፅኢ ፀገማትና ምሕዋይ ተፈጥሮ ሃፍቲ 'ዩ ኢሉ ይሰርሕ ኣሎ

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ሓረስታይ ትግራይ ሓደን ሓደን መዋፅኢ ፀገማትና ምሕዋይ ተፈጥሮ ሃፍቲ 'ዩ ኢሉ ይሰርሕ ኣሎ ክብሉ ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ዳይረሬክተር ኮሙኒኬሽን ኣይተ ምኪኤል ምሩፅ ገሊፆም።

ኣይተ ምክኤል ምሩፅ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነብሮም ፃንሒት ከምዝሓበርዎ፤ ሓረስታይ ትግራይ ሓደን ሓደን መዋፅኢ ፀገማትና ምሕዋይ ተፈጥሮ ሃፍቲ 'ዩ ኢሉ ብምእማን ኣብ ተደራራቢ ፀገማት ውሽጢ ኮይኑ 'ውን ካብ ካሊእ እዋን ብዝተፈለየ ወነ ፅቡቅ ይሰርሕ ኣሎ።

ከም መብርሂ ኣይተ ምክኤል ምሩፅ ፤ኣብ ትግራይ ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ንዝሓለፉ ሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት ዝኣክል ከም ባህሊ ተተሒዙ እናተሰርሐ ዝመፅአ ኮይኑ፤ ይኹን 'ምበር በቲ ዝተፈጠረ ኹናት ምኽንያት ንድሕሪት ዝተመለሱሉ ኩነታት ተፈጢሩ 'ዩ። ሎሚ ዘበን ግና ብፍሉይ ኩነታት በቢብርኩ ምስ ኣመራርሕታት ብምርድዳእ ከም ክልል ሰፊሕ ሽፋን ዘለዎ ንክስራሕ 'ዩ



ኣይተ ምኪኤል ምሩፅ

ተተሊሙ ዝስራሕ ዘሎ።

ቅድም ክብል ካብ 28 ጥሪ ጀሚሩ ወፍሪ ሰማእታት

ሓረስታይ ...ገፅ 6

‹‹ዓቅሚ ህዝቢ ትግራይ ኣብ እዋን ፀገም ጥራሕ እንተይኾነስ ኣብ እዋን ሰላም ’ውን ክረአ ይግባእ ››

ኣብርሃም በላይ(ዶ/ር) ሚኒስትር ምክልኻል ሃገር

ገፅ 4

“ትግራይ ብዙሕ ሃፍቲ ዝዓነዋ ምስ ምኳና ካብ ካልኦት ክልላት ፍልይ ዝበለን ተወሳኺ ትኹረትን ሓገዝን የድልያ”

-ኣይተ ምኪኤል ምሩፅ

ገፅ 5

# ደቂ ኣንስትዮ ንሓላፍነት ኣብ ምብቃዕ ዘለው ክፍተታት ምእራም ይግባእ ክብላ ፕሬዝዳንት ሳህለወርቅ ዘውዴ ገሊፀን

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ንኹሎም ጎዶሎታት ልዕል ኢልካ ምምልካት ዝከኣል ኣብ ስልጣን እንትብፃሕ ከምምኧኑ ደቂ ኣንስትዮ ናብ ሓላፍነት ክበቕዓ ብምግባር ኣብ ኣፈላላይ ፆታ ዝስትውዐሉ ክፍተታት ንኽምልኡን ንኽእረሙን ምግባር ከምዝግባእ ፕሬዝዳንት ሳህለወርቅ ዘውዴ ገሊፀን።

ብብርኪ ዓለምለኸ ንመበል 113 ግዜ ብኢትዮጵያ ድማ ንመበል 48 ግዜ ዝኽበር ዓለምለኸ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ "ንደቂ ኣንስትዮ ነብቅዕ፤ ልምዓትን ሰላምን ነረጋግፅ" ብዝብል ቴማ ኣብ መዘከሪ ዓወት ዓድዋ እንትኽበር ፕሬዝዳንት ሳህለወርቅ ዘውዴ ከምዝገለፅኦ፤ ጎዶሎታት ምምልካትን ክፍተታት ምምላእን ዝከኣል ብስልጣን ልዕል ምባል እንትከኣል 'ዩ። ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ጠረጴዛ ስልጣን እንተዘይበፂሐን ምሉእ ፍትሒ፣ ምሉእ ሰላምን ምሉእ ዴሞክራሲን ኣሎ ንምባል ከምዘፀግም ሓቢረን፤ እነሓቶ ፍሉይ መሰል ዘይኮነስ ማዕረ መሰል ንምርካብ 'ዩ፤ መሰል ማዕርነት ክሳብ ዝዓስል 'ውን ክንቃለስ ኢና ኢለን።

ደቂ ኣንስትዮ በቢዘፈሩ ክዓብያ ኣለወን፣ ኣብ ገጠር ትርከብ ኮነ ኣብ ከተማ ዘላ ክትዓቢ ኣለዋ፣ ኹለን ደቂ ኣንስትዮ ክበቕዓ ምግባር የድሊ፣ ነዚ ተግባር 'ውን ብመንግስቲ ብርክት ዝበሉ ትልምታት ወፂኦም እናተተግበሩ ከምዝርከቡ ገሊፀን። ብወገን ሚኒስቴር ደቂ ኣንስትዮን ማሕበራዊ ጉዳይን ኣብ ዘፈር ግብርናን ትምህርትን ንዝተትሓዙ መርሃ ግብርታት ልምዓት ብዋናነት ኣብ ገጠር ንዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ንምብቃዕ ንዝግበር ፃዕሪ ዝድግፉ ምኧኖም ሓቢረን።

"ብዘይ ትምህርቲ ናብ ዝኾነ ኣይብፃሕን፤ ስለዝተምሃርናን ስለዝፈለጥናን ኣብዚ በፂሕና" ዝበላ ፕሬዝዳንት ሳህለወርቅ ዘውዴ፤ ደቂ ኣንስትዮ ብትምህርቲ ንክበቕዓ ምድጋፍ ኣድላዪ ከምዝኾነ 'ውን ገሊፀን። ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክውዕላ ከምዘለወን መኺረን።



ቴማ ጉባኤ ሕብረት ኣፍሪካ እዚ ዓመት "ትምህርቲ ንኹሉ" ዝብል ብምኧኑ ልዕሊ ኹሉ ትምህርቲ ንደቂ ኣንስትዮ ተበፃሒ ንምግባር ጠመተ ብምሃብ ብዙሕ ክስርሐሉ ከምዝግባእ ኣተሓሳሲበን። ንፆታዊ መጥቃዕቲ ምክልኻል ይግባእ፣ እቲ ዝገደደ ፆታዊ መጥቃዕቲ እንተኾነ 'ውን ኳል ኣንስተይቲ ሞራላ ንክወድቕ፣ ታሕተዋይነት ንኽስምዓን ንኽትኩርኮምን ናይ ምግባር ባህላዊ ጭቆና ደው ክብል ከምዝግባእ ኣመላኺተን። ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ንዝበፅሕ ኣካላዊ ኮነ ስነ-ልቦናዊ መጥቃዕቲ ምውጋዝን ምክልኻልን ከምዝግባእ ኣተሓሳሲበን።

ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት ስእነት ሰላም ከምዘሎ ብምዝኽኻር 'ውን፤ ሰላም እንተዘይሃልዩ ብቐዳምነት ትጥቃዕ ኳል ኣንስተይቲ 'ያ ኢለን። ብምኧኑ 'ውን ሰላም ንኽዓስል ኹሉ ብፅሒቱ ንኽዋፃእ ሓቲተን። ኣብ ኢትዮጵያ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ምኽባር እንትጅምር ብዙሓት ንጥፈታት እንተሃለዉ 'ውን ደቂ ኣንስትዮ ንባዕለን ግዜ ሂበን ተኣኪበን ክዘራረባሉ ዝኽእላሉ ዕድል ዝፈጠረ ከምዝነበረ ኣዘኻኺረን።

በቢ ዓመቱ እናተኸበረ ንልዕሊ 40 ዓመታት ብዝፀንሐ ኽይዲ ብርክት ዝበሉ ውፅኢታት ከምዘርአየን ኣብቲ ኽይዲ ንሰን 'ውን ኣካል እቲ ለውጢ ምኧነን ኣዘኻኺረን። ንዕአን ሓዊሱ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ሚኒስትራት ናብ ሓላፍነት ከምዝመፅኣን ከንቲባ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኳል ኣንስተይቲ ምኧነንን መርኣያ ውፅኢት እቲ ቃልሲ ምኧኑ ኣመላኺተን።

ደቂ ኣንስትዮ ናብ ስልጣንን ኣመራርሓነትን ምብቃዕ ብፀጋ ዝተውሃበ ዘይኮነስ ናይ ምስራሕ ዓቕመን ኣርእየንን ኣመስኪረንን ከምዝኾነ ኣገንዚበን። ይኹን 'ምበር እቲ ለውጢ ክበፅሖ ኣብ ዘለዎ ደረጃ ከምዘይበፅሐን ንዝተረፈ ንጥፈት ብዙሕ ምስራሕ ከምዘድልን ሓቢረን። ኢትዮጵያውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዓለም ለኸ ኣደባባይ ንሃገረን ብምፍላጥ ግደአን ዝዓዘዘ ምኧኑ 'ውን ገሊፀን።

ብወገን ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዘፀግም ህይወት ውሽጢ ንዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ብምእካብ፣ ክፅለላ ገይሩ፣ መጊቡን ኣሰልጢኑን ብስራሕ ዓርሰን ንክኽእላ ንምግባር ንዝተትሓዘ ፕሮጀክት "ማእኸል ተሃድሶን ልህቀትን ደቂ ኣንስትዮ" ኣድኒቐን፤ ከምዚ ዓይነት ተመኩሮ በቢ ክልሉ ክስፋሕፋሕ ከምዝግባእ 'ውን ሓቢረን።

# ‹‹ ንምኽክር ዝቀርቡ ኣጀንዳታት ዘየረዳድኡ ፀገማት ዝፍትሕሉ ንክኾኑ ክንሰርሕ ኢና ››

*- ብሌን ገብረመድህን ኮምሽነር ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር*

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብቲ ሃገራዊ ምኽክረ ዝቐርቡ ኣጀንዳታት ዘየረዳድኡ ፀገማት ብዘላቕነት ዝፍትሕሉ ንክኾኑ ክንሰርሕ ኢና ክብላ ኮምሽነር ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ብሌን ገብረመድህን ገሊፀን። ኣጀንዳ ምእካብ ፣ምቕራፅን ጠቕላላ ጉባኤ ምድላው ናይቲ ኮምሽን ዝተረፈ ስራሕቲ ከምዝኾኑ ኣመልኪተን 'የን።

ኮምሽነር ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ብሌን ገብረመድህን ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፀኦ ፣ኣብ ሃገርና ንዘመናት እናተንከባለሉ ዝፀንሑ ምፍልላይን ዘይምርድዳእን ብምፍታሕ ሃገራዊ ሓድነትን ዘላቒ ሰላም ንምስፋን ዝጠቅም ኣካታቲ ዝኾነ ሃገራዊ ምኽክር እናተሰርሐ 'ዩ። ነቲ ምኽክር ውፅኢታዊ ዘተ ኣጀንዳ ወሳኒ 'ዩ ፣ንዘይምርድዳእ መልዓሊ ዝኾኑ ፀገማት ኹሉ ብዘተ ኣቕሪብካ ንክፍትሑ ንምግባር እቲ ኮምሽን እናሰርሐ 'ዩ ኢለን።

እቲ ሃገራዊ ምኽክር ፖለቲከኛታት ፣ሲቪክ ማሕበራት ፣ዳኛታት፣ደቂ ኣንስትዮ መናእሰይ ፣ትካላት ሃይማኖትን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላት ምስቲ ኮምሽን ብምኧን ሃገራዊ ምርድዳእ ንምምፃእ ምስራሕ ትፅቢት ከምዝግበረሎም ገሊፀን። ናይቲ ምኽክር ዋና ዕላማ ነጥቢ ምድብራይን ምቑፃርን እንተይኾነስ ብምድምማፅን ብዘተን ኹሉ ኣካል



ሰዓራይ ዝኾነሉ ድባብ ምፍጣር 'ዩ ኢለን።

እቲ ኮምሽን ካብ ዝጣየሽ ጀሚሩ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ኣካይድኡ ኣካታቲ ፣ኣሳታፍን ናይ ኸባቢ ነባራዊ ኩነታት ንክኾን ከምዝኽኣለ ኣብሪሆን። ክሳብ ኸዚ ዝተሰርሐ ስራሕ ኣብ ሲዳማ ፣ደቡብ ምዕራብ ፣ቤኒሻንጉል ጉምዝ ፣ማእኸላዊ ኢትዮጵያን ፣ክልል ዓፋር ከምኡ 'ውን ከተማ ምምሕዳር ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን ተዛዚሙ 'ዩ። ኣብ ደቡብ ኣትዮጵያ ፣ሶማሌን ኦሮምያን ክልላት ብብርኪ ወረዳ ዝተፈላዩ ክፍልታት ሕብረተሰብ ወኪሎም ዝሳተፉ ኣካላት ናይ ምፍላይ ስራሕ እናተሰርሐ 'ዩ።

ከም እተን ኮምሽነር ገለፃ፤ ብብርኪ ክልል ብዘሎ መረፃ ኣጀንዳ ከይዲ መረፃ ዝሳተፉ ትካላት ፣ፓርቲታት ፖለቲካ ፣ማሕበራት መንግስትን ካልኦት ባዓል ድርሻ ካልኦት ኣካላት ብደብዳቤ ሓቲቶምና ዝውከሉ ተሳተፍቲ እናለኣኹ 'ዮም ኢለን። ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝርከቡ ትውልደ ኢትዮጵያውያን 'ውን ነቲ ምኽክር ሓሳቦም ዘቕርብሉ ኩነታተ ተመቻቺዩ ኣጀንደኦም እናቕረቡ 'ዮም።

ኣብ ክልል ኣምሓራን ትግራይን ብዝነበረ ፀገም ፀጥታ ከይዲ ምኽክር ካብ ካልኦት ኸባቢታት ማዕረ ምክያድ ከምዘይተኸኣለ ድሕሪ ምግላፅ ፤ ብኽልቲኦም ወገን ዝርከብ ማሕበረሰብ ሃገራዊ ምኽከር ኣሚነምሉ ንክሳተፉ ንምግባር ፃዕሪ እናገበርና ኢና ኢለን።

ኣጀንዳ ምእካብን ፣ምቕራፅን ጠቕላላ ጉባኤ ምድላው ዝተረፉ ናይቲ ኮምሽን ስራሕ ከምዝኾነን፤ ጉዳይ ሃገረይ ይምልከተኒ 'ዩ ብምባል ንቑሕ ተሳትፎ ብምግባር ንውፅኢታዊነት ምስራሕ ይግባእ ኢለን።

# ስርዓተ ቀብሪ ጋዜጠኛ እዮብ ግደይ ተፈፂሙ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ን34 ዓመታት ኣብ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ በቛንቋ ዓረብኛ ኣብ እትሕተም ጋዜጣ ዓልዓለም ይሰርሕ ዝፀንሐ ጋዜጠኛ እዮብ ግደይ ስርዓተ ቀብሪ ቅድሚ ትማሊ ኣብ ቤተክርስቲያን ኣባ ሃብተማርማም ተፈፂሙ።

ጋዜጠኛ እዮብ ግደይ 11 መጋቢት 1958 ዓ.ም ካብ ወላዲኡ ኣይተ ግደይ እምባየን ካብ ወላዲቱ ወይዘሮ ሓረጉ ጎይትኦምን ኣብ ሃገረ ሱዳን ግዝኣት ከሰላ ተወሊዱ።

ጋዜጠኛ እዮብ ንቐዳማይ ደረጃ ትምህርቱ ሱዳን ኣብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ኣልሜሪያ፤ካልኣይ ብርኪ ትምህርቱ'ውን ኣብ ሱዳን ቤት ትምህርቲ ዑመር ሃጂ ሙሳ ተማሂሩ።

ናብ ኣዲስ ኣበባ ድሕሪ ምምፅኡ 'ውን ካብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ህንፃ ኮሌጅ ናይ ዲፕሎማ ትምህርቱ ዝተኸታተለ እንትኾን ብጀርናሊዝምን ኮሙዩኒኬሽንን ብፈላማይ ድግሪ ተመሪቑ ። ካልኣይ ዲግሪኡ ድማ ትምህርቲ ፊሎሎጂ ትምህርቲ ተኸታቲሉ ኣሎ።

ኣብ ስራሕ ዓለም ድማ ካብ 15 መጋቢት 1982 ዓ.ም ጀሚሩ ህይወቱ ክሳብ ዝሓለፈሉ 1 መጋቢት 2016 ዓ.ም ኣብ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ ክፍሊ ምስንዳእ ጋዜጣ ኣልዓለም ን34 ዓመታት ብዝተፈላለዩ መደባት ስራሕ ኣገልጊሉ።

ጋዜጠኛ እዮብ ንስርሑ ኣብ 1982 ዓ.ም ኣራሚ ጋዜጣ ኣልዓለም ኾይኑ ብምጅማር፤ ላዕለዋይ ሪፖርተር ጋዜጣ ኣልዓለም፣ ሜክኣፕ ኤዲተር፣ ላዕለዋይ ኣሰናዳኢ፣ ምክትል ዋና ኣሰናዳኢን ኣብ መወዳእታ ድማ ዋና ኣሰናዳኢ ብምኧን ብሓላፍነት ሰሪሑ።

ጋዜጠኛ እዮብ ምስ ወይዘሮ መሰረት ገብረማርያም ሓዳር ብምምስራት 'ውን ክልተ ቆልዑ ኣፍርዩ። ስነ-ስርዓት ቀብሪ ጋዜጠኛ እዮብ ግደይ ቅድሚ ትማሊ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ገዳም ኣቡነ ሃብተማርያም ቀትሪ ሰዓት 9 ተፈፂሙ።



# ዩኒቨርስትታት ትግራይ ቅድሚ ኲናት ናብ ዝነበሩዎ ዓቕሚ ንምምላስ እናሰርሑ 'ዮም

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሃገርና ብዝነበረ ኲናት ኣብ ክልል ትግራይ ዝርከቡ ዩኒቨርስትታት ደው ኣቢሎምዎ ንዝነበሩ ስራሕቲ ምምሃር ምስትምሃር ዳግም ብምጅማር ቅድም ክብል ናብ ዝነበሩዎ ምንቅስቓስ ምምሃር ምስትምሃርን ምርምርን ንምምላስ ፃዕሪ እናገበሩ ምኧኖም ኣፍሊጦም።

ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ኮርፖሬት ኮሙዩኒኬሽን ዩኒቨርስቲ መቐለ ኣይተ ትካቦ ገብረስላሴ ከምዝተዛረብዎ፤ እቲ ዩኒቨርስቲ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ካብ መንጎ ዘለዉዎ ሽዱሽተ ካምፓሳት ኣብ ውሽጢ ክልቲኦም ካምፓሳቱ 11 ሽሕ ተምሃሮ እናምሀረ ይርከብ።

እቲ ዩኒቨርስቲ ኣብቲ ክልል ብዝነበረ ኲናት ዝለዓለ ጉድኣት ዝበፅሖ እንትኸውን፤ ዳግማይ ናብ ስራሕቲ ምምሃር ምስትምሃሩ ንምምላስ ኣብ ዝነበሮ ፃዕሪ ማሕበረሰብ እቲ ዩኒቨርስቲ ዝለዓለ ፃዕሪ ከምዝገበረ ገሊፆም። ሚኒስቴር ትምህርቲ 'ውን እቲ ትካል ናብ ስራሕቲ ምምሃር ምስትምሃሩ ንኽምለስ ብፅሒቱ ከምዝተዋፅአ ሓቢሮም።

ዩኒቨርስቲ መቐለ ቕድሚ እቲ ኲናት ኣብ ሃገርና ማእኸል ልህቀት ምርምር ተባሂሎም ካብ መንጎ ዝተፈለዩ ዩኒቨርስትታት እቲ ሓደ ከምዝነበረ ዘዘኻኸሩ ዶክተር ትካቦ፤ እቲ ትካል ስሩዕ ስርሑ እናሰርሐ እንተኾነ 'ውን ናብ ዝነበሮ ዓቕሚ ንምምላስ ግን ምትሕብባር ብዙሓት ከምዝደሊ ተዛሪቦም።

ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ትልምን በጀትን እቲ ዩኒቨርስቲ ዶክተር ምስግና ገብረህይወት ብወገኖም እቲ ዩኒቨርስቲ መሰረታዊ ዝኾነ ሕፅረት በጀት ከምዘለዎ ሓቢሮም፤ ሚኒስቴር ትምህርቲ እቲ ዩኒቨርስቲ ዘለዉዎ ፀገማት ንምፍታሕ ፃዕሪ ከምዝገብር ገሊፆም።

እቲ ዩኒቨርስቲ ትካል ምርምር ከም ምኧኑ፤ ዝተውሃቦ ሓላፍነት ንምውፃእ ነበር ተምሃሮ እቲ ዩኒቨርስቲ፣ ሰብ ሃፍትን ኻልኦት ኣካላትን ዳግማይ እግሪ ንምትካል ኣብ ንዝግበር ፃዕሪ ንኽሕግዙ ፀዊዖም።

ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ኮሙዩኒኬሽን ካብ መንጎ እቶም ኣብ ክልል ትግራይ ዝርከቡ ዩኒቨርስትታት እቲ ሓደ ዝኾነ ዩኒቨርስቲ ዓዲግራት ኣይተ ዮሃንስ ከበደ 'ውን ኣብቲ ዩኒቨርስቲ ስራሕቲ ኽይዲ ምምሃር ምስትምሃር ሰላማዊ ብዝኾነ ኩነታት እናተሳለጠ ከምዝርከብ ኣፍሊጦም።

ኣይተ ዮሃንስ ከምዝበልዎ፤ እቲ ዩኒቨርስቲ ናብ ስሩዕ ግልጋሎቱ ንምምላስ ኣብ ዝተገበረ ፃዕሪ ንመምህራን እቲ ዩኒቨርስቲ ሓዊሱ ብሓፈሻ ማሕበረሰብ እቲ ዩኒቨርስቲ ዝለዓለ ፃዕሪ ገይሮም 'ዮም።

ምስ ሚኒስቴር ትምህርቲ፣ ሚኒስቴር ገንዘብን ዝተፈላለዩ ትካላትን ዝገበሮም ዘተታትን ዝተገበረሉ ድጋፍን ስሩዕ ስራሕቲ ምምሃር ምስትምሃር ንምጅማር ኣኽኢልዎ ኢሎም።

ነቲ ዩኒቨርስቲ ናብ ስሩዕ ስርሑ ንምምላስ ኣብ ዝተገበረ ኽይዲ ንመምህራን እቲ ዩኒቨርስቲ ሓዊሱ ብሓፈሻ ማሕበረሰብ እቲ ዩኒቨርስቲ ዝለዓለ ፃዕሪ ገይሮም 'ዮም። ብውሽጣዊ ዓቕሚ ጥራሕ ልዕሊ 10 ሚሊዮን ብር ብዝግመት ግልጋሎት ዝተሰባበሩ ኮምፒውተራት፣ ወንበራትን ዝተፈላለዩ ናውትታትን ብምፅጋን ግልጋሎት ንክህቡ ምግባር ተኻኢሉ።

ስራሕቲ ዳግማይ እግሪ ምትካል እቲ ዩኒቨርስቲ ድጋፍ ዝተፈላለዩ ኣካላት ከምዝሓትትን እቲ ዩኒቨርስቲ 'ውን ምስ ዝተፈላለዩ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት እናተዘራረበ ከምዝርከብን ዘፍለጡ ኣይተ ዮሃንስ፤ መሰረታዊ እታዎታት ንምምላእ ግና መንግስቲ እኹል ድጋፍ በጀት ንኽገብር ሓቲቶም።

ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣኽሱም መምህር ቋንቋ እንግሊዝኛን በዓል ሞያ ኮርፖሬት ኮሙዩኒኬሽን ዳይሬክቶሬት ርክብ ወፃእን ዶክተር ታረቀኝ ኣብርሃ ብወገኖም፤ ኣብቲ ዩኒቨርስቲ ስራሕቲ ምምሃር ምስትምሃር ብሰላማዊ ኩነታት እናተሳለጠ ከምዝርከብ ገሊፆም።

እቲ ዩኒቨርስቲ ብሰንኪ እቲ ኲናት መግልገሊ ንብረታቱ ምሉእ ብምሉእ ከምዝዓነዉ ዘዘኻኸሩ ዶክተር ታረቀኝ፤ ብማሕበረሰብ እቲ ዩኒቨርስቲ ብፍላይ ድማ ብፃዕሪ ሰብ ሞያ ክፍሊ ፅገና ካብ ዝተሰባበሩ ኮምፒውተራት ውሽጢ መለዋወጢታት ብምእካብ ዝተወሰኑ ኮምፒውተራት ግልጋሎት ንክህቡ ምግባር ከምዝተኻኣለ ተዛሪቦም።

ዶክተር ታረቀኝ ከምዝበልዎ፤ መንግስቲ እቲ ክልል ሰላም ኣብ ዝነበረሉ እዋን ነቲ ዩኒቨርስቲ ይህቦ ዝነበረ በጀት ኣብዚ ዓመት 'ውን ዝበጀተ እንትኸውን፤ እቲ ዩኒቨርስቲ ብብዙሕ ፃዕርን ካብ መንግስቲ ብዝተመደበሉ በጀትን ስሩዕ ስራሕቲ ምምሃር ምስትምሃር እንተጀመረ

ዩኒቨርስትታት ... ገፅ 6

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ቀንዲ ውራይና ሰላም ምፅናዕ ይኹን

ሰላም ብዝኾነ መዐቀኒ መተካእታ የብላን። መቐረት ሰላም ዝፍለጥ ሰላም እንትዝረግን እንትጠፍእን ምኻኑ ካብ ኢትዮጵያዊያን ንላዕሊ ዝፈልጥ የለን። ብፍላይ ድማ ህዝቢ ትግራይ መቐረት ሰላም ይፈልጥ፤ሰላም ብምጥፋኡ ዘጋጠሞ ፀገም'ውን ብዝግባእ ይፈልጥ። ስለዚ ሐዚ ተፈጢሩ ዘሎ ሰላም ንክዝረግ ኣይደልይን፤ኹናትን ወረ ኹናትን ክሰምዕ ሸውሃት የብሉን። ስለዚ እቲ ሐዚ ተፈጢሮ ዘሎ ናይ ሰላም ሃዋህው ንክፀንዕ ይደሊ።

ድሌት ህዝቢ ትግራይ ኮነ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሰላም ካብኮነ ፖለቲከኛታትን ልሂቃንን ድማ ንዚ ድሌት ከኽብሩን ንሰላም ክሰርሑን ግድን ይኸውን። ንኽልተ ዓመታት ኣብ ትግራይ ይካየድ ዝነበረ ኹናት ብስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ተዛዚሙ ኣሎ። ኮይኑ ግና ኣብቲ ውዕሊ ዝሰፈሩ ኩሎም ስለዘይተፈፀሙ እቲ ሰላም ክዝረግ ኣለዎ ማለት ከምዘይኮነ ኩሉ ክርዳእ ይግባእ። ግዜ ዝሓቱ ብግዜኦም ክፍፀሙ ምኻኑ ርዱእ ምግባር የድሊ። በዚ ድማ እቲ ዘሎ ሰላም ንክፀንዕ 'ምበር ንክፈርስ ምቹው ኹነታት ምፍጣር ኣድላይ ኣይኸውንን፤ኣይግባእን'ውን።

ህዝቢ ትግራይ ከቢድ ፀገም ሓሊፉ'ዩ ናብ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ተበፂሑ። ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ምስተፈረመ ብዙሕ ነገራት ተቓሊሉ 'ዩ፤ እንተናኣሰ ፀገማት ንክይቕፅሉ ህዝቢ ትግራይ ሰላማዊ ንፋስ ንክረክብ ዕድል ተፈጢሩ 'ዩ። ስለዚ ሰላም እናሃለወ ንሰላም ምስራሕ ብጣዕሚ ኣድላይ ይኸውን። ሰላም እንድሕር ተበላሽያ ምምላሳ ኸቢድ ምኻናን ኹናት እንታይ ከምዝፈጥር ሪኢናዩ ኢና ። ስለዚ ንቲ ተፈጢሩ ዘሎ ሰላም ምፅናዕን ዋጋ ምሃብን ግድን ይኸውን።

ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ንህዝቢ ትግራይ ዘምፀኦ ረብሓ እንተናኣሰ ተኹሲ ጠጠው ኣቢሉ ፤ ህዝቢ ትግራይ ናይ ሰላም ንፋስ ክረክብ ዕድል ፈጢሩ 'ዩ። እዚ ዓብይ ስጉምቲ 'ዩ ፤ ናይቲ ስምምዕነት ቀንዲ ዕላማ'ውን ኹናት ጠጠው ኢሉ ሰላም ንክሰፍን ምግባር'ዩ።

ድሕሪ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ብዝተረኸበ ሰላም ኩሎም ክልላት ምምሕዳር ከተማ፤ ፌደራል ሚኒስቴር ትካላት ዝኻእልዎ ኹሉ ሓጋዝ ንክገብሩ ዕድል ተፈጢሩ ኣሎ። ኹለን ግልጋሎት መንግስቲ ናብ ስራሕ ክምለሳ ስራሕቲ፤ ቴሌኮም ብቐልጥፍ ተፀጊኑ ናብ ስራሕ ክኣቱ፤ መንገዲ ኣየር ብቅልጡፍ ስራሕ ክጅምር ፤ ባንክታት ስረሖን ክጅምራ ፤ ጥዕና ጣብያን ቤት ትምህርትን ናብ ስራሕ ክኣትዋ እዚ ኹሉ ዝተፈጠረ ሳላ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ከምዝኾነ ምእማንን ምርዳእን ግድን ይኸውን።

ሰላም ብምኻኑ ኣብ ኣብዝሓ ቦታታት ሓረስታይ ትግራይ ተረጋጊዑ ናብ ሕርሻ ዝኣተወሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። ሰብኣዊ ሓገዝ ንክኣቲ ዕድል ተፈጢሩ ኣሎ። ሓገዝ ብፌደራል መንግስቲ ኾነ ብመዳርግቲ ኣካላት እናበፅሐ 'ዩ። ብቑፅሪ 'ውን ይፍለጥ 'ዩ ኮይኑ ግና ምስቲ በፂሑ ዘሎ ፀገም እኹል ኣይኾነን። ብኻሊእ መዳይ ድማ እቲ ዝለኣኽ ሓገዝ ኣብቲ ሕብረተሰብ ይበፅሕ ኣሎ ዶ ኣይበፅሕን ኢልካ ምርግጋፅ 'ውን የድሊ። ንዚ ኹሉ ግና እቲ ተፈጢሩ ዘሎ ሰላም ንክፀንዕ ምስራሕ ይግባእ። ሰላም እንትህልው ኩሉ ኣሎ። ፖለቲካዊ ኣፈላላያት ብዘተ ንምፍታሕ'ውን ዕድላት ይህልው።

ሰላም ስለዘሎ ንድርቂ ትግራይ ሓገዝ ዘተሓባብር ብሄራዊ ኮሚቴ ካብ ፌደራልን ክልልን ትግራይን ተጣይሹ 'ዩ። ኹሉ ብዛዕባ ትግራይ ዝሓስብ፤ ትግራይ ንክትሓዊ ዝምነ ኣካል ኣብዚ ሰዓት እዚ ተሳታፊ ንክኸውን ዕድላት እናተመቻቸው'ዮ። ሰብ ሃፍቲ ፣ ምሁራን ፣ ሓረስታይ፣ ዳያስፖራ ኹሉ ኢትዮጵያዊ ህዝቢ ትግራይ እቲ ኸዚ በፂሕዎ ዘሎ ድርቂ ሓዊሱ ካብ ዘለዎ ፀገም ንክወፅእ ክረባረብ ዝኽለሉ ዕድል'ውን ይፍጠር ኣሎ።

ብሓፈሻ ሰላም ስለተፈጠረ፤ውዕሊ ሰላም ፕሪቶሪያ ስለዘሎ ብዙሓት ስራሕቲ ተሰሪሖም'ዮም። ኮይኑ ግና ዘይተተግበረ ጥራሕ እናልዐሉ ከይዲ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ኣብ ሕቶ ምእታው ግቡእ ኣይኮነን። ስለዚ ውዕሊ ፕሪቶሪያ ኣብ ቦትኡ 'ዩ ዘሎ። ብመሰረት ውዕሊ ፕሪቶሪያ መንግስቲ ፌደራል ካብ ውዕሊ ንላዕሊ ኣብ መንጎ ኽልቲኦም ዘሎ እምነት ክሰፍሕ ዝወሰዶም ውሳነታት ምዝንጋዕ ግቡእ ኣይኮነን። ስለዚ ሰላም ንምፅናዕ ንስራሕ። ቀንዲ ውራይና'ውን ሰላም ይኹን።


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል :- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልላይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልላይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን።

## ፕሪቶርያ ዘምፀኦም ውፅኢት ምድናቕ ንቀፃሊ ብርተዐ 'ዩ

መሰረት ገብረዮሃንስ

እዚ ኹሉ ፀገም ተሓሊፉ ናብ ስምምዕነት ፕሪቶርያ በፂሕና ኢና ። ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ምስተፈረመ ኹሉ ሕጉስ 'ዩ። ብዙሕ ነገራት ተቓሊሉ 'ዩ፤ ድሕሪ እቲ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ እንተናኣሰ ሞትን ምምዝባልን፤ መሰላት ደቂ ሰባት ከይገሃስን ከይቕፅልን ህዝቢ ትግራይ ሰላማዊ ንፋስ ክረክብ ዕድል ተፈጢሩ 'ዩ ። እዚ ብምምፅኡ ድማ ንብዙሓት ሓጎስ ፈጢሩ 'ዩ ። እቲ ንዝሓለፈ ዓመታት ዝነበረ ክዝከር ህዝቢ ትግራይ ካብዚ ፀገም ዝወፀሉ እዋን ዝናፈቕ ግዘ 'ዩ ነይሩ። ድሕሪ ኸዚ ኣባና ጥራሕ እንተይኾነስ ኣብ ካልኦት 'ውን ከይፍጠር፣ ሰላም ክንደየናይ ኣድላይን ከምኡ ድማ ንሰላም ትኹረት ገይርካ ምስራሕ ክንደየናይ ተረባሒ ከምዝገብር ዘርኣየና ግዜ 'ዩ ።

ሰላም እናሃለወ ትኹረትኻ ኹሉ ኣብ ሰላም ገይርኻ ምስራሕ ብጣዕሚ ኣድላይ 'ዩ። ሰላም እንድሕር ሓደ ግዜ ተዘሪጋን ተበላሽያን ምምላሳ ኸቢድን ብዙሕ መስዋትንት ዘድልያን 'ያ ። ኹናት እንታይ ከምዝፈጥር ኣሪእና 'ዩ። ካብ ዝሓለፈ እንድሕር ትምህርቲ ዘይወሲድና ዋጋ ሰላም ክርደአና ኣይኽእልን። ኣሸንኳይዶ ትምህርቲ ወሲድናስ እቲ ዝሓለፈ 'ውን ተዝካኣል ነይሩ ብግዜ ጠጠው ንክብል ተንሰርሕ ነይርና ክንደይ ህይወት ወዲሰብን ምምዝባል ደቂ ሰባትን ምቐነስና ነይርና።

ስምምዕነት ፕሪቶርያ ምምፅኡ ብዙሕ ነገራት ተቐይሮም 'ዮም። ካብዚኣቶም እቲ ዋና ተኹሲ ጠጠው ምባል 'ዩ። እዚ ልዕሊ ኹሉ 'ዩ። ካልኦት ጉዳያት ንምግምጋምን ስምምዕነት ፕሪቶርያ ተፈፃሚ ኾይንዶ ኣይኮነን ኢልና ንምሕሳብ 'ውን ምርግጋፅን ሰላምን ኣድላይ 'ዩ። እዚ ምርግጋፅን ሰላምን ዝፈጠሮ ድማ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ብምምፅኡ 'ዩ። ቀፂሉ ክመፅእ ዘለዎ ጉዳይ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ኹሉ ፀገማት ትግራይ ይፈትሕ 'ዩ ኢልና ትፅቢት እንተገይርና ምናልባት 'ውን በቲ ስምምዕነት ስዒቡ ዝመፁ ለውጥታት ንከይረአየና ይኽእል ። ግና እተን ኣብ ፕሪቶሪያ ዝተቐመጣ ነጥብታት ናብ ተግባር ንክቕየራ ትኹረት ካብ ምግባር ዝተልዓለ ብምኳኑ ሕልኽላኽ ክፈጥር ይኽእል።

> **ስ**ምምዕነት ፕሪቶርያ ምምፅኡ ብዙሕ ነገራት ተቐይሮም 'ዮም። ካብዚኣቶም እቲ ዋና ተኹሲ ጠጠው ምባል 'ዩ

ስምምዕነት ፕሪቶርያ ንህዝቢ ትግራይ እንታይ ረብሓ ኣምፂኡ ኢልካ ምሕታትን እቲ ዝተረኸበ 'ውን ምድናቕ የድሊ። እቲ ዝጎደለ 'ውን እናተኸታተልካ ተፈፃሚ ንክኸውን ምሕታት ትኽክል 'ዩ። ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ብምፍራሙ እንተናኣሰ ተኹሲ ጠጠው ኢሉ ፤ ህዝቢ ትግራይ ሰላም ረኺቡ ናብ ካልኦት መሰረታዊ ዝኾኑ ሕቶታት ምሕታት ጀሚሩ 'ዩ። እዚ ዓብይ ስጉምቲን ውፅኢትን 'ዩ ፤ ናይቲ ስምምዕነት ሰላም ናይ መጀመርያ ዕላምኡ 'ውን እዚ ስለዝኾነ።

እቲ ፀገም ሰፊሕ ስለዝነበረ ብተደጋጋሚ ኹናት ስለዝነበረ ብዙሕ ሓገዛት ከምዘድሊ ሕቶ ኣየድልዮን። ብመንግስቲ ፌደራልን ትካላት ዝኻእልዎ ኹሉ ሓጋዝ ንክገብሩ ዕድል ዝተፈጠረ ስምምዕነት ፕሪቶሪያል ስለዝተፈጠረ 'ዩ። ምንም እኳ ዝድለ ሓገዝ ከምቲ ዝድለ ተበፃሒ ተዘይኾነ ግና ሓገዛት ካብ ምግባር ንድሕሪት ኣይተብሃለን። ኹለን ግልጋሎት መንግስቲ ናብ ስራሕ ክምለሳ ፤ ቴሌኮም ብቁልጥፍ ተፀጊኑ ናብ ስራሕ ክኣቱ ፤ መንገዲ ኣየር ብቅልጡፍ ስራሕ ክጅምር ፤ ባንክታት ስረሖን ክጅምራ ፤ ጥዕና ጣብያን ቤት ትምህርትን ናብ ስራሕ ክኣትዋ እዚ ኹሉ ዝተፈጠረ ሰላም ስምምዕነት ፕሪቶርያ ብምምፅኡ 'ዩ። እንድሕር ዘይተሰርሑ ስራሕቲ ጥራሕ እንቐፅር ኾይና ዝስርሑ ዉሑዳት ስራሕቲ ክነበረታትዕ ኣንኽእልን ። እቶም ዝተሰርሑ ስራሕቲ እንድሕር እናበረታትዕና ከይድና ንቓድሚት እናሰጎምና ኢና ማለት 'ዩ። ንቓድሚት ዝስርሑ ስራሕቲ እናላዓዓልና ከምዝኾነ ክንርዳእ ይግባእ።

ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ካብ ፌደራል መንግስትን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ጥራሕ ትፅቢት እንድሕር ገይርና ኣዕጋቢ ውፅኢት ኣይመፅእን። ህዝቢ 'ውን ሓላፊነት ኣለዎ 'ዩ። እቲ ሰላም ንክፀንዕ ህዝቢ ዓብይ ግደ ኣለዎ። ሰላም ንከይፀንዕ ዝገብሩ ኣካላት ኣብ ምክልኻል፣ ኣሉታዊ ሓሳባት ጥራሕ እናምፅኡ ተስፋታት ዘፀልሙ ሰባት ተደማፅነት ንከይህልዎም ኣብ ምግባር ክሰርሕ ይግባእ። ሰላም ምስ ምንም ዝወዳዳር ኣይኮነን። ሰላም ዝዘርግ ኣካል ምቅዋም ሓላፍነት ሕድሕድ ዜጋ 'ዩ። ናይ ሎሚ ሰላም ብምፅናዕ መገዲ ሓድሽ ወለዶ ምፅራግ ማለት 'ዩ። ኣብ ናትና ወለዶ ዝተርኣየ ሕፅረት ሰላም ኣብ ደቅና ንከይድገም ዓብይ ሓላፍነት ኣለና። ትማሊ ብምኽንያት ኹናት ዝተንገላትዑ ተምሃሮ ፣ ወለዲ ፣ ደቂ ኣንስትዮ ፣ህፃናት ብምዝካር ንከይድገም ክንሰርሕ ይግባእ። እዚ ድማ ዝመፅእ እቲ ተረኺቡ ዘሎ ሰላም ብምፅናዕ 'ዩ። እዚ ትፅቢት ዝግበር ድማ ካብ ምሁር ፣ ባዓል ሃፍቲ ፣ዳያስፖራን ብሓፈሻ ኩሉ ትግራዋይ ክሰርሕ ኣለዎ። ውፅኢቱ ድማ ነቲ ናተይ ኢሉ ዝቃለሰሉ ህዝቢ 'ዩ ተረባሓይ ዝገብር። ካልኣይ ድማ ንመንግስቲ ሓገዝ ይኸውን፤ መንግስቲ ኾነ ግዝያዊ ምምሕዳር ተጣነኺሩ ክሰርሕ ዝኽእል ህዝቢ ኣብ ጎኑ ክኸውን ከሎ 'ዩ። ሰላም ምምፅኡ ኾነ ምጥፍኡ ተጎዳኣይ ህዝቢ 'ዩ ፤ ስለዚ ሰላም ኣብ ምምፃእ ቀዲሙ ክቃለስ ዘለዎ እቲ ህዝቢ 'ዩ። ኣብ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ድማ ተግባራዊ ንክኸውንን በቲ ስምምዕነት ተግባራዊ ዝኾኑ ብምሕላው ጠንኪሩ ክሕዝ ዘለዎ ህዝቢ 'ዩ፤ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ትግራይ። እቶም ብምኽንያት ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ዝመፁ ውፅኢት ምድናቕ ማለት ዘይተፈፀሙ ንክፍፀሙ ንምግባር ዓብይ ሞራል ይኸውን።

# እዋናዊ ዛዕባ

## ‹‹ዓቅሚ ህዝቢ ትግራይ ኣብ እዋን ፀገም ጥራሕ እንተይኾነስ ኣብ እዋን ሰላም 'ውን ክረአ ይግባእ ››

• ኣብርሃም በላይ(ዶ/ር)
ሚኒስትር ምክልኻል ሃገር

**መሰረት ገብረዮሃንስ**



ሚኒስትር ምክልኻል ሃገር ኣብርሃም በላይ(ዶ/ር) ኣብ እዋናዊ ኩነታት ትግራይ ኣድሂቦም ምስ ኢቲቪ መደብ ደሃይ ትግራይ ኣብ ዝነበሮም ፃንሒት ምስ ኣፈፃፅማ ውዕሊ ፕሪቶሪያ ብዝተደሓሓዘ ዘልዐልዎ ሓሳብ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ሕታምና ዓምዲ ዕዱም ጋሻ ኣቕሪብናልኩም ምንባርና ይዝከር። ሎሚ ድማ ካብ መንጎ ዘልዐልዎም ዛዕባት ግደ ዲያስፖራ፣ጉዳያት ሰብ ሃፍቲ ትግራይ፣ኩነታት እሱራት ተጋሩ፣ጉዳይ መድረኽ ገምጋም ፕሪቶርያ፣ዉሑስ ሰላምን ሕውየት ትግራይን ኣብ ምርግጋፅ ኣብ ዝብል ዝሃብዎ መብርሂ ኣብ ዓምዲ እዋናዊ ዛዕባ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና። ሰናይ ንባብ።

ግደ ዲያስፖራ

ትግራይ ሃፍታም 'ያ ፤ትግራይ ብዙሕ ሓይሊ ሙህር ኣብ ዝተፈላለየ ዓለም ዝተበተነ ኣብ ዝተፈላለየ ስራሕ ተዋፊሩ ዝሰርሐ እሞ ድማ ከም ሓደ ተወዲቡ ክሰርሕ ዝኽእል ዓቕሚ ዘለዎ ዲያስፖራ ዝሓዘት 'ያ። እዚ ኣብቲ እዋን ፀገም ሪእናዮ ኢና፤ኽዚ 'ውን ብዝተወሰነ መለክዑ እናተርኣየ 'ዩ። እዚ ዓቕሚ እዚ ኣብ ሕማቕ እዋን ዝረአ ድምፅን ዓቕምን እንተይኾነስ ኣብ እዋን ሰላም 'ውን ሓድነት ድምፂ ክኾን ፤ ዓቕሚን ኣካልን ሕውየት ትግራይ ክኾን ግቡእ ዝኾነ ምዝርራብን ምምራሕን የድልዩ 'ዩ።

እዚ ዓቕሚ ብዙሕ ዓቕሚ 'ዩ ሒዙ ዘሎ ፤ ኣብ ትግራይ ዘለዉና ፀገማት ክፈትሕ ዝሕግዝ ኣለዎ ፤ ፀገም ኣተሓሳስባ የብሉን፤ ፀገም ፍልጠት የብሉን፣ ፀገም ዓቕሚ ኢኮኖሚ 'ውን የብሉን። እዚኦም ደሚሩ ኣብቲ ህንፀት ሰላም እንድሕር ሓጊዝና፤ ኣብ ሕውየት ትግራይ እንድሕር ሓጊዝና ድምፂ ትግራይ ኣብ ፀገም እዋን ዝስማዕ ጥራሕ እንተይኾነስ ኣብ እዋን ሰላም ዝድመፅን ናይ ሰላምን ዕርቅን ድምፂ ኾይኑ ክሰርሕ ብዙሕ ፃዕርታት ክንገብር ከምዘለና ይኣምን።

ምሁራን ትግራይ ይመላለሱ ኣለዉ፤ ምይይጣት ይግበሩ ኣለዉ፤ ኣበይ ክሳተፉ ከምዘለዎም እንታይ ዓይነት ምስትኽኻላት ክግበሩ ከምዘለዎም ሓሳባት የቕርቡ ኣለዉ። እዚ ፅቡቕ ጅማሮ 'ዩ ኢለ ይኣምን። ኣነ 'ውን ብዝኻኣልከዎ ይሳተፍ 'የ ሓሳባት ንለዋወጥ ኢና። እዚኦም ክቕፅሉ ምግባር ብጣዕሚ ኣድላይ 'ዩ። እዚን ኣብዚ ሃገርና ዘሎ ዓቕሚ ደሚርና ትግራይ ኣብ ሓፂር እዋን እትሓውየሉን ናብራ ህዝቢ ትግራይ ናብ ዝሓሸ ብርኪ ንምምላስ ዝኽእል ዕድል ምፍጣር ይካኣል 'ዩ። ፍሉይ ዓቕሚ ህዝቢ ትግራይ 'ዩ ኢለ 'የ ዝኣምን ።

ዓቕሚ ህዝቢ ትግራይ ብዙሕ 'ዩ ፤ብዙሕ ዝተምሃረ ማሕበረሰብ ኣሎ፤ ብዙሕ ምሁራን ኣለዉ። እዚ ድማ ንምንታይ ናብ ፀገም ኣቲና? ድሕሪ ኽዚ ናብ ፀገም ንከይመልስ እንታይ ክንገብር ኣለና ? ሰላም ንክፀንዕ እንታይ ንሓግዝ? ተመሊስና ናብ ፀገም ዘእትዉና ዘለዉ ፀገማት ከመይ ኢና ንፈትሖም ? ኣየናይ ትኹረት ገይርና እንተሰሪሕና ኢና ህዝቢ ትግራይ ብቕልጡፍ ክድሕን ዝኽእል ሞያዊ ትንተና ክህቡን ኣብ ሕውየትተ ትግራይ ናይ ግደኦም ክገብሩ ይግባእ። ከም መንግስቲ ፌደራል ድማ እዚ ኹሉ ንክግበር ንምሕጋዝ ድልዋት ኢና። ንሕውየት ኹሉ ከም ትግራዋይን ኣብ ሓላፍነት ከም ዘሎ ኣካል ፌደራልን ኹሉ ነገራት ክመቻቸው በቲ እንኽዶ ዘለና ከይዲ ክቅፅለሉ ኢና ንሓስብ።

ጉዳያት ሰብሃፍቲ ትግራይ

ነጋዶ ሰብ ሃፍቲ ትግራይ ኣብ ትግራይ ውሽጢ ዘለዉ ጥራሕ እንተይኾኑስ ካብ ትግራይ ወፃኢ ዝነበሩ ተጋሩ ባዓል ሃፍቲ ዝበፅሖም ፀገም ኸቢድ 'ዩ። ገገሊኦም ሃፍቶም በቲኖም ከይዶም 'ዮም ፤ ገሊኦም ብጣዕሚ ብርካሽ ናብ ካሊእ ኣካል ከመሓላለፍ ገይሮም 'ዮም ፤ሃፍቶም ዝዓነወ ድማ ኣሎ። ጉዳይ ኢንቨስትመንት ከምዝፍለጥ ኹሉ ካብ ጃባኻ ዝስራሕ እንተይኾነስ ምስ ባንክታት ዝተድሓሓዘ ስለዝኾነ ፤ ዓመት እናወሰኸ ብዝኸደ ቁፅሪ ድማ እናጋደደ 'ዩ ዝኸይድ፤ ኣድላይ ኽትትል እንድሕር ዘይተገይርሉ ኢንቨስትመንት ኸቢድ 'ዩ ዝኾን። እዚ መሰረት ገይርና ፍታሓት ክኾኑ ዝኽእሉ ነገራት ሰርሒና ኢና። እቲ ፀገም ሰፊሕ ስለዝኾነ ሙሉ ብሙሉእ 'ኳ እንተዘይኾነ ብፌደራል መንግስቲ ክሕገዞ ንዘለዎም ምምሕያሻት ሕጊ ፤ ልቃሕ ንክናዋሕ ናይ ምግባር ስራሕቲ ምስራሕ ተሞኪሩ 'ዩ።

ብተወሳኺ እቶም ዝዓነዉ ኢንዱስትሪታት ፤ እቶም ፀገም ዝበፅሖም ኢንዱስትሪታት ቀልጢፎም ተፀጊኖም ናብ ስራሕ ክኣትዉ ብሄራዊ ባንኪ ናይ ባዓል ሃፍቲ ትግራይ ብፍሉይ ድጋፍ ክገብርን ንምድጋፍ ዝኽእሉ ኣሰራርሓታት ክዝርግሕ ብዙሕ ጉዕዞ ተጓዒዙ 'ዩ። ምስቲ ዝበፅሐ ፀገም ኹሉ ነገር ዝፈትሕ ኣይኮነን ግና እተን ዋና ዋና ዝበሃላ እናተሰርሐ ኣብ ትግራይ ዝነበራ ኢንዱስትሪታት ናብ ስራሕ ክኣትዋ ዝተገበረ ምምዕርራይ ስለዝተገበረለን 'ዩ።

ካብ ትግራይ ወፃኢ ዝነበሩ ሰብ ሃፍቲ 'ውን ብዝተፈላለየ መገዲ ዝሳኣንዎ ሃፍቶም ናብ ካሊእ ተመሓላሊፉ ዝነበረ እንተኾነ 'ውን ሕጊ ኣውፂእና ብዘይኾነ ዋጋ ተሸይጡ እንተነይሩ ዋግኡ ተገሚቱ ክምለሰሉ ብምግባር ተመሊሱ ናብ ዝነበረ ናብርኡ ንክምለስ ስራሕቲ ተሰሪሑ 'ዩ። ኽዚ 'ውን እኹል ኣይኮነን ። ኣብ ትግራይ ዝተፈጠረ ፀገም ንግዲ ናብ ንቡር ይመለስ ማለት ኣይኮነን። ብዙሕ ስራሕ 'ዩ ትፅቢት ዝግበር። እዚ ንምግባር እቶም ተጀሚሮም ዘለዉ እናወሰኽና እቶም ዝተረፉ ፅንዓት እናገበርና ንምኻድ ምሉእ ድልውነት 'ዩ ዘለና።

ፋብሪካታት ትግራይ ሲሚንቶ ፋብሪካ ሓዊሱ ካልኦት ፋብሪታት ናብ ስራሕ እናኣተዋ ዘለዋ ዝተፈላለየ ሓገዛት ዝተገበረለን ከምዝኾነ ምፍላጥ ብጣዕሚ ኣድላይ 'ዩ። ግና እቲ ማሕበረሰብ ንግዲ ሰፊሕ ስለዝኾነ እቲ ፀገም 'ውን ሓደ ዓይነት ስለዘይኾነ ምስ ክልላት ዝተሓሓዝ ጉዳያት 'ውን ስለዘለዎ እንተናኣሰ ግና በቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ፀገም ጉድኣት ዝበፅሖም ሓገዝ ክግበረሎም ክልላት 'ውን ዝተፈላለየ ሓገዛት እናተገበረሉ 'ዩ። ኢንቨስተራት ብዙሕ ስራሕ ዝሰርሑ ንሳቶም 'ዮም ፤ ዕድል ስራሕ ዝፈጥሩ ንሶም 'ዮም እዚኦም ብዝተጠናኸረ መልክዕ ናብ ስራሕ እንተዘይእቲናዮም ሰላምን ምርግጋፅን ፈጢርና ናብ ስራሖም ንክኣትዉ ኽዚ'ውን ኣጠናኺርና ክንሰርሕ ኢና ።

ኩነታት እስሩት ተጋሩ

ትግራዋይ ኣብቲ እዋን ብጥርጣረ ዝራኣየሉ እዋን 'ዩ ነይሩ ፤ ዝተዓጠቐ ሓይሊ እንድሕር ኾይኑ ድማ ብኸመይ ከምዝረአ ምፍላጥ የድሊ። እዚ ጥራሕ እንተይኾነ ዝተዓጠቐ ሓይሊ ከምዚ ዓይነት ክፍጠሩ ከለዉ እንታይ 'ዩ ዝገብር? ዝብል ናይ ባዕሉ ወታደራዊ መስርሕ ኣለዎ፤ ከም ሲቪል ኣሰራርሓ ኣይኮነን ማለት 'ዩ። እዚ ከምዚ ዓይነት ክፍጠር ከለዉ ንድሕንነት ሃገርን እቶም ኣባላትን ክባሃል ዝውሰኑ ውሳነታት ኣለዉ 'ዮም። ኣብ ገበን ዝተሳተፈ በቲ ሕጊ ገበን ብኣኡ ዝሕተተሉ ኩነታት ምፍጣር 'ዩ፤ ኣብ ገበን ዘይተሳተፈ ግና ወይም ዝጥርጠር ኣብ ካምፕ ዝፀንሐሉ ኩነታት ክፍጠር 'ዩ ተገይሩ። ስለዚ ኣብ ካምፕ ዝፀንሐሉ ግዜ ምቸው ነይሩ 'ዩ ዝብል እምነት የብለይን። በቢ ግዚኡ 'ውን ይግምግም ስለዝገበርኩ። ገምጊምና 'ውን ምምሕያሻት ስለዝገበርና ስለዝፍለጥ 'ውን ፤ ምምሕያሻት ናብራ ገይርና ኢና ፤ ርክብ ቤተሰብ ንክመሓየሽ ገይርና ኢና ኣብቱ እዋን ኹናት ማለት 'ዩ ።

ኣብ ከይዲ ድማ ውዕሊ ፕሪቶርያ ምስተፈፀመ ናይዚኦም ኣካላት ውሳነ ኣነ ስለዝኾንኩ ብናይ ባዕለይ ፊርማ ኣብ ከይዲ ዝነበሩ ክስታት ጠጠው ክብሉ ኣብ ካምፕ ዝነበሩ ኣካላት ስልጠና ወሲዶም ናብ ስራሕ ክምለሱ ሙሉእ ውሳነ ኢና ወሲና። እቶም ኣብ ካምፕ ዝፀንሑ ኣካላት ኽዚ ኣብ ስራሕ 'ዮም ዘለዉ። በቲ ሕጊ መሰረት ጥሮታ ዝወፁ ጥሮታ ወፂኦም ናብ ስራሕ ዝምለሱ ድማ ናብ ስራሕ ተመሊሶም 'ዮም ፤ ኣብ ካምፕ ዝተረፈ ሰብ የለን። ናይ ቕድም እናልዓልካ ፍታሕ ዘለዎ ስራሕ ከምዘይተሰርሐ ምግላፅ ጌጋ 'ዩ። ሓሶት 'ውን 'ዩ ዝኸውን። ናይ ባዕለይ ውሳነ 'ዩ ስለዝተፈፀመ 'ውን 'ዩ።

ኣብ መከለከያ ስራሕ ዘይብሉ ትግራዋይ የለን። ኣብ ኩሎም ዘፈር ስራሕ ተመሊሱ 'ዩ። እቲ ሓደ ዝተረፈና ነገር እንተሃለወ ሕውስውስ እናበለ ስለዝኾነ 'ዩ። ቅድሚ እቲ ኹነታት 'ውን ብገበን ዝተኣሰረ ትግራዋይ ክህሉ ይኽእል 'ዩ። ምስቲ ከይዲ ዝተኣሰረ 'ውን ኣሎ 'ዩ። ኣብ ከይዲ ድማ ብገበን ዝተኣሰረ ኣሎ 'ዩ። ምፅራይ ግድን 'ዩ። በቲ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ይቕርታ ተገይርሎም ክፍትሑ ዝግብኡ ኣየናይ 'ዮም ብገበን ዝተኣሰሩ ፍርዲ ረኺቦም ክቕፅሉ ዘለዎም ዝብል ክፍለይ ኣለዎም። እዚ ብዘይፈሊ ምኽንያት ሕቶታት ዘረባታትን 'ውን ስለዝለዓል። ሰላም ስለዝፈጠርናን ምስ እዚ ተደሓሒዙ ክፍትሑ ዘለዎም እናተፈለዩ 'ዮም። ብዙሓት ኣብ ስራሖም ተረጋጊዮም ክምለሱ ተገይሩ 'ዩ። እዚ ብምግባርና ፀገማት ኣቃሊልና ህይወት ሰብ ኣድሒና ኢና ዝብል እምነት ኣለኒ።

ጉዳይ መድረኽ ገምጋም ፕሪቶሪያ

እቲ መድረኽ ናይ ግዝያዊ ምምሕዳር ናይ ትሻዓንተ ወርሒ ግምገማ ስራሕ 'ዩ። ግዝያዊ ምምሕዳር ማለት ተፀዋዕነቱ ንፌደራል መንግስቲ 'ዩ። ፌደራል መንግስቲ እንተነዊሑ በቢ ሽድሽተ ወርሒ ገምጋም የካይድ 'ዩ። ስለዚ ግዝያዊ ምምሕዳር ኣብ ሽድሽተ ወርሒ ሪፖርት ከቕርቡ ደሊና ነይራና። ኣብ ትግራይ ብዙሓት ነገራት ተገዲፉ ናብ ኣኼባ ዝኣተወሉ ግዜ ስለዝነበረ በቲ ክንግምግም ዝነበርና ግዜ ኣይገምገምናን። እዚ ኣኼባ ምስ ወድኡን ናብ ስራሖም ምስተመለሱ ብቕልጡፍ እቲ ኣኼባ ክካየድ ተገይሩ 'ዩ፤ ኣብ ዝሓለፈ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ክቐርብን ክግምገምን ተገይሩ ፤ ካልእ ምንም ሃንደበታዊ ነገር የብሉን። ምስ ምንም ነገር ዝደሓሓዝ 'ውን ኣይኾነን ፤ንሕና ንሰላም ሙሉእ ንሙሉእ ልብና ሂብና ኢና ንሰርሕ ምንም ዘሰግእና ነገር የለን። ሰላም እንድሕር ኾይኑ ሰላም 'ዩ ንጎኒ እንብለሉ ዕድል የለን። ኣብ ስግኣት ዘለና ኣካላት ኣይኮናን ። እቲ መድረኽ ግልፂ ዕላማ ዘለዎ 'ዩ፤ እቲ ግልፂ ዕላማ ድማ ውፅኢታዉ ብዝኾነ መገዲ ዝገምገመ 'ዩ። እንታይ 'ዮም ተወሲኖም ንዝብል እቲ ሓደ ብርኪ ኣፈፃፅማ ፕሪቶሪያ ኣበይ ብርኪ 'ዩ ዘሎ? ዝብል ብግልፂ ክፍለጥ ኣለዎ። እቶም ተፈራረምቲ ኣፈራረምት ብህይወት ኣብ ዘለዉዎ ብዛዕባ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ናንባዓልካ ሓሳብ ምግላፅ ኣይካኣልን። እንታይ ተሰሪሑ ዝብል ድማ ሕድሕድ ዝተሰርሐን ዘይተሰርሐን ምስ ምኽንያቱ ሪፖርት ከቕርቡ ኣንፈት ተቐሚጡ 'ዩ።

ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ንክምለሱ እቲ ፌደራል ዘቕመጦ ኣንፈት ናብ መሬት ክወርድ ዝሓሸ እንድሕር ሃልዩ ድማ ንከቕርብ ኮሚቴ ተጣይሹ ናብ ስራሕ ንክኣቱን ቅድሚ ኽረምቲ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ንምምላስ ኣንፈት ተቐሚጡ 'ዩ። ሳልሳይ ጉዳይ ድርቂ 'ዩ ፤ሓፈሻዊ ድርቂ ዘለዎ ኩነታትን ዘብፀሖ ዘሎ ሳዕቤናትን ሓገዛት ዝጠናኸርሉ መገድን ከመይ ዩ? ፤ ኣንፈት ተቐሚጡ ናብ ስራሕ ንክኣቱ ተገይሩ 'ዩ። ራብዓይ ኣብዚ ሰዓት እዚ ካብ ፌደራል መንግስትን ግዝያዊ ምምሕዳር ጥራሕ እንተይኾነስ ሓገዝ ኹሉ ትግራዋይ የድሊ 'ዩ። ንካልኣይ እዋን ንህዝቢ ትግራይ ሓገዝ ዝግበረሉ ክፍጠር ኣለዎ። እዚ ንምግባር ድማ ካብ ፌደራልን ክልልን ዝተውፃፅአ ኮሚቴ ተጣይሹ 'ዩ። ኣብ ዝቕፅል ዕላዊ መብርሂ ክህብ 'ዩ። ስለዚ እቲ መድረኽ ከምዚኦም ዝበሉ ኣንፈት ዘቕመጠ ብጣዕሚ ወሳንን ኣድላይንን ግልፂ ዕላማ ዝሓዘን ከምዝኾነ ክረጋግፀልኹም ይፎቲ።

ዉሑስ ሰላምን ሕውየት ትግራይን ኣብ ምርግጋፅ

ህዝቢ ትግራይ ፍትሒ ክረጋገፀሉ ይደሊ ፤ ዕርቂ ክፍጠረሉን ሰላም ፀኒዕሉን ናብ ቀፃሊ ዝተረጋገዐ ናብራ ዝሰጋገር ድልየት ስለዝኾነ እዚ ነገር ክረጋግፀሉ ክንሰርሕ ይግባእ ይብል። ትግራይ ኣብዚ ሰዓት እዚ ንፅረት ሓሳብ የድልያ። ንብረት ዝኾነ ኣካል ወይም ዉድብ ኣይኮነትን። ኣብ ትግራይ ሰፋሕቲ ዘተ ዝካየድሉ ዝሓሸ ሓሳባት ዝወፅሉ ንምፍጣር ክንሰርሕ ኣለና። ብዙሕ ዝሓሸ ሓሳብ ኣናምፅኡ ንምቕድሚት ክወስድ ዝኽእል ትግራዋይ ኣሎ። ነዚኦም ዘደዓናቕፍ ኣካል ክህሉ ኣይኽእሉን። ሓሳብ 'ዩ ካብ ፀገም ዘውፅእ። እዞም ከምዚ ክንኾን ዝገበርና ሓሳባትን ተግባራትን ክቕየር ዝኽእል ዝተፈለየ ሓሳብ እንድሕር መፂኡ 'ዩ። ኣብ ትግራይ ኣብዚ ሰዓት ክህሉ ዝግባእ ነገር እንተሃልዩ መድረኻት ሓሳብ 'ዩ። ኣብዚ ዝሳተፉ ዘለው ምሁራን ፣ ፖለቲካ ፓርትታት ከየድነቕኹ ክሓልፍ ኣይደልን።

ካልእ ትኹረት ክዋሃሉ ዝግባእ ኣብ ትግራይ ሰላም ምፅናዕ 'ዩ። ሰላም ኣብ ኢድና እናሃለወ ብኣናእሽተን ነገራት ሰላም እንድሕር ተደናቒፉ እቲ ዝመፅእ ፀገም ንኹሉ 'ዩ ዝልክም። እቲ ሰላም ዝዘርግ ኣካል መውፅኢኡ ይፈልጥ 'ዩ። ስለዚ ኹላትና ተጋሩ እታ ረኺብናያ ዘለና ሰላም ሓሊና ሰላም ክፀንዕን ናብ መሬት ወሪዱ ሙሉእ ክኾንን፤ ደጊምና ዕሽሽ ምባል ናብ ፀገም ከይንኣቱ ንኹሉ ትግራዋይ ሓደራ ክብል ይፎቲ። ድሕሪ ኽዚ ኣብ ትግራይ ዝትኮስ ጥይትን ብጥይት ዝመውት ሰብ ንከይህሉ ክንሰርሕ ይግባእ። ምፍልላይ ሓሳባት ማለት ፅልኢት ከምዘይኾነ ዕድላት ዝረከብሉን ሓሳባት ዝንሸራሸረሉን ኩነታት ምፍጣር የድሊ። ሓድነትና ክጠናኸር ሰላምና ክነፅዕ ኹላትና ብዝካኣለና ንሰላም ንሕውየትን ክንሰርሕ በዚ ኣጋጣሚ ፃውዒተይ ከቕርብ ይደሊ።

## ዕዱም ጋሻ

# “ትግራይ ብዙሕ ሃፍቲ ዝዓነዋ ምስ ምዃና ካብ ካልኦት ክልላት ፍልይ ዝበለን ተወሳኺ ትኹረትን ሓገዝን የድልያ”

-ኣይተ ምኪኤል ምሩፅ

ኣብርሃ ሓጎስ

‹‹ኣብ ትግራይ በልጊ ተጠቀምቲ ዝኾና ከባቢታት ናብ 15 ሽሕ ሄክታር ክነልምዕ ተሊምና ንሰርሕ ኣለና። ክሳብ ሐዚ ናብ 2548 ሄክታር ዝኣክል ብዝተፈላልዩ ዓይነት ዝራእቲ ይለምዕ ኣሎ 'ዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ናይ ልምዓት መስኖ ስራሕትና 'ውን ብርክት ዝበሉ ዓይነታት ዘርኢ ክበቁሉ ብምግባር እቲ ቅድም ኢሉ ኣብቲ ናይ ክረምቲ መፍረይነት ዝሰኣናዮምን ምህርቲ ከም መመለኢ ተሓሳቢ ተገይሩ ይስራሕ ኣሎ።

ቅድሚ ሐዚ ብዝተፈላለየ ምኽንያት እታወታት መዳበርያ ድሒሩ 'ዩ ዘምፅእ ነይሩ። ነቲ ሓረስታይ 'ውን ዘንጊው ዝበፅሕ ስለዝነብረ ብዙሕ ኣብ ጥቅሚ ዘይወዓለሉ ኩነታት ነይሩ 'ዩ። ሎሚ ዘበን ግን ብዝተፈለየ ብመንግስቲ ፌደራል ብፍሉይ ድማ ብሚኒስቴር ግብርና ቀዲምና ዘድልየና መዳበርያ ብዘውፅኦ ፕሮግራም መሰረት ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ብርክት ዝበለ መዳበርያ ናብ ክልልና ኣትዩ 'ዩ።

ከም ክልል በቢዓመቱ ልዕሊ 100 ሚሊዮን ፈልሲ ንተክል ነይርና ኢና። ኣብዝ ሐዚ እዋን ግና ከምኡ ዓይነት ዕድል የብልናን።›› ነዚ ዝበሉ ናይ ሎሚ ጋሻና ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ክልል ትግራይ ዳይሬክተር ኮሙኒኬሽን ዝኾኑ ኣይተ ምኪኤል ምሩፅ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝገብርዎ ፃንሒት'ዩ። ኣብ ዛዕባ ሕርሻ ፅድያ ወይ በልጊ፣ ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ከምኡ 'ውን ኣብ መስኖን ቀረብ እታወታትን ዝኣመሰሉን ካልኦትን ከምዝ ዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና ሰናይ ንባብ፦

**ወጋሕታ፦ ኣብዚ እዋን ምንቅስቓስ ሕርሻ ትግራይ ከመይ ይኸይድ ኣሎ? ዘለው ዕድላትን ፈተናታትን ብሓጺሩ እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ምክኤል፦** ሕርሻ ትግራይ ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ብፍላይ ከዓ ድሕሪ እቲ ኹናት ዝካየድ ዘሎ ምስ ምዃኑ ከቢድቲ ፈተና ዘለውዎን ናይ ሕርሻ ኩነታት ኢና ዘለና። ብሓፈሻ ምስቲ ዘሎ ናይ ሎጅስቲክን በጀትን ሕፀረት ቅድም ኢሉ ንሓያሎ ዓመታት ዝተሃንፀ ሕርሻን ኩለመዳይ ኢኮኖሚን ዝተጎድአን ዝዓነወን ምስ ምዃኑ ምኽንያት እቲ ሓረስታይ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣውን ሓደጋታት ኣብ ዘጋጠምዎ ኮይኑ ዝልማዕ 'ዩ ዘሎ።

**ወጋሕታ፦ ኣብቲ ክልል ባልዓት ዝራእቲ ደረኣዩ ኣለው ዝብሃሉ ኣሎ እሞ፤ ክሳብ ሐዚ ኣበይ ከባቢ ተራእዮም? ንዚኦም ንምክልኻልኸ እንታይ ስራሕቲ ይስራሕ ኣሎ?**

**ኣይተ ምክኤል፦** ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ብፍላይ ምስ ኦም ኣምበጣ ተተሓሒዙ ኣብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ኣብ ክልተ ወረዳታት ከባቢ ዝተርኣየ ኣሎ። ኣብዚ ዝተርኣየ ሐዚ ጥራሕ ዘይኮነስ ቅድም ኢሉ 'ውን ተራእዩ ነይሩስ፤ ሰፊሕ ናይ ምክልኻል ስራሕቲ ተሰሪሑሉ ኣብ ቁፅፅር ክውዕል ተኻኢሉ ነይሩ'ዩ። ይኹን 'ምበር ኣብቲ እዋን ናይ ምክልኻል ክግበረሎም እንተሎ ኣብ ኣብዝሓ ንምክልኻል ዘይምቸው ከባቢታት ብፍላይ ካብ ኢድ ግዝያዊ መንግስቲ ትግራይ ወፃኢ ዘለው ከባብታት መሊኡ ዘይተሰረሐሉ ስለዝነበረ ካብቲ ከባብን ካብ ኤርትራን እናተፈልፈለ 'ዩ ዝመፅእ ዘሎ። እዚ ከምዝኸውን ቅድም ኢልና 'ውን ንፈልጦ ነይርና ኢና። ምኽንያቱ ኣብቲ ከባቢ ኣቲኻ ናይ ምክልኻል ስራሕ ምስራሕ ስለ ዘይተኽኣለ ሐዚ ተጫጭሑ ዝመፅኣሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ።

ከም ክልል ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ጉጅለ ሰብ ሞያ ናብቲ ከባቢ ኸይዱ ምስቶም ኣብቲ ዞባን ወረዳታትን ዘለው ሰብ ሞያ ብሓባር ብሙዃን ናይ ምክልኻል ስራሕቲ ይስርሑ ኣለው። ክሳብ ሐዚ ድማ ናብ 160 ሄክታር ዝኣክል መሬት ከሚካል ብምርጫው ናይ ምክልኻል ስራሕቲ ተኻይድሉ ኣሎ። ብተመሳሳሊ ብመንግስቲ ፌደራል 'ውን መከላኸሊ ባልዕ መንፀጊ ኬሚካል መካይን ሊኢኹ ኣሎ። ንዕዑን ነቲ ናይ ምክልኻል ኣብ ግምት ዘእተወ ዝነብረና ከሚካል 'ውን ተጠቒምና እቲ ማሕበረሰብ ኣተሕባቢርና ናይ ምክልኻል ስራሕ ንሰርሕ ኢና ዘለና።

**ወጋሕታ፦ ኣብ ትግራይ ዝግበሩ ዘለው ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ከመይ ይኸይድ ኣሎ? ክሳብ ሐዚኸ እንታይ ተሰሪሑ?**

**ኣይተ ምክኤል፦** ከምዝፍለጥ ትግራይ ኣብ ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ንሓያሎ ዓመታት ንዝሓለፉ ሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት ዝኣክል ከም ባህሊ ተተሓዚ እናተሰርሐ ዝመፅአ ኮይኑ፤ ይኹን 'ምበር በቲ ዝተፈጠረ ኹናት ምኽንያት ንድሕሪት ዝተመለሱሉ ኩነታት ኣሎ። ነቲ ዕቀባ ኣብ ግምት ብምእታው ፈልሲ ምውሓድ 'ውን ዝረኣየሉ ኣሎ። ኣብቲ ዝሓለፈ እዋን ኲናት እቲ ሕብረተሰብና ኣብ ዕቀባ ሓመድን ማይን ብዙሕ ሰሪሑ ዝብሃል ኣይኮነን። ሎሚ ዘበን ግና ብፍሉይ ኩነታት በቢብርኩ ምስ ኣመራርሕታት ምርድዳእ ተገይሩ ከም ክልል ሰፊሕ ሽፋን ዘለዎ ንክስራሕ 'ዩ ተተሊሙ። በዚ መሰረት ቅድም ክብል ካብ 28 ጥሪ ጀሚሩ ወፍሪ ሰማእታት ኢልና ኩሉ ግዜ በቢዓመቱ 'ውን ስለዝኽበር ናይ ፈተነ ፕሮግራም ንሓሙሽተ ኣርባዕተ መዓልታት ዝኸውን ናይ ዕቀባ ስራሕቲ ሰሪሕና ኢና።

ካብኡ ድማ ናይ ሰብ ሓይልን ሰሌጠን ስራሕቲን ክግምገም ተገይሩ ዕላዊ ዝኾነ ስራሕ ካብ ኣርባዕተ ለካቲት ጀሚርናዮ ኣለና። እዚ ኣብ 4 ለካቲት ዝተጀመረ ስራሕ ክሳብ ሐዚ ናብ ዝተጀመረ ስራሕቲ ግና ብሰሌጠን ስራሕ ኣብ ኩሉ መዓልቲ ዝተሰርሐ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እቲ ሕብረተሰብ በዓላት እናመኻነየ ዝተጓደለ ኣሎ 'ዩ። ይኹን 'ምበር እቲ ናብ ስራሕ ዝኣተወ ህዝቢ ካብ ልቡ ዝሰርሐሉ ኩነታት ኣሎ 'ዩ። ምስቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ ፅገማት ሓረስታይ ምስ ድርቅታትን ጥምየት ተተሓሒዙ ብፍላይ ኣብቲ መጀመርያ ከባቢ ብርክት ዝበሉ ፈተናታት ነይሮ 'ዮም። ጥምየት እናሃለወ ከመይ ኢልካ ይሰራሕ ዝብል፤ይኹን 'ምበር ነዚ ኹሉ ፅገማት ኢዱ ከይሃበ ሓደን ሓደን መዋፅኢ ፅገማትና ኣብዚ ምዃኑ ብምእማን ፅቡቕ ይሰርሕ ኣሎ። ምስቲ ዘሎ ሕፀረት መሳርሕታትን ሓይሊ ሰብን ርኢኻ ፅቡቕ ዝብሃል ስራሕቲ ኣሎ። ብፍላይ ኣብተን ጥምየት ኣለወን ዝብሃላ ከባቢታት እቲ ሕብረተሰብ ብኒሕ ብዝበለፀ ዝሰርሐሉ ተርእዮታት ኣሎ። ኣብነት ንምግላፅ ዝኣክል ኣብ ኣፅቢ ከባቢ ምክኤል እምባ ዝኣምሰሉን ከምኡ 'ውን ኣብ ከባቢታት ወጀራት ሓያል ጥምየት እናሃለወ ብዝኸኣልዎ ኹሉ ብስፍሓት ይንቀሳቀሱ ኣለው 'ዮም። ብሓፈሻ ኣብ ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዘለና ገምጋም ምስቲ ዘለና ተደራራቢ ፅገማት እቲ ስራሕ ኣብ ፅቡቕ ኩነታት 'ዩ ዘሎ ኢልና ኢና ንሓስብ።

ይኹን 'ምበር በቲ ናይ 20 መዓልቲ ክውድኦ ዝሕሰብ ግና ክውዳእ ኣይኽእልን ዝተወሰነ መዓልቲ ከወሰኽና ከምዝኽእል ተረዲኡና ኣሎ። ምስ ካብ ዞባታትን ወረዳታትን ዝተኣከቡ ኣመራርሓን ናትና ሰብ ሞያን ተዛትዩም ከምዝረኣይዎ፤ ንእሽተይ መዓልታት ወሲኽና ተንኺይድ እሞ እቲ ሕብረተሰብ ዘለዎ ዕማም ወዲኡ ካብኡ ናብ ፕሮግራም ሰፍቲኔት ክሳተፍን ናብ ካሊእ ናይ ሕርሻ ንጠፈታቱ 'ውን ንክኸይድ ምኽክር ተገይሩ እናተወገነ 'ዩ ዘሎ።

**ወጋሕታ፦ ሎሚ ዘበን ብፍሉይ ኩነታት ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ይካየድ ኣሎ ዝበልምስ ናይዚ ዓመት ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ካብቲ ናይ ዝሓለፉ ዓመታት እንታይ 'ዩ ዝፈልዮ?**

**ኣይተ ምክኤል፦** ከምዝፍለጥ ከምቲ ቅድም ኢለ ክነግረካ ዝፈተንኩ ናይ 20 መዓልቲ ነፃ ጉልበት ንስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዝብሃል ኣብ መላእ ዓለም ዘየለ ኣብ ትግራይ ግን ብዝተፈለየ እዋን በቢዓመቱ ንሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት እናተኻየደ ፀኒሑ 'ዩ። ናይዚ ከም መርኣያ ድማ ሓደ ብብርኪ ዓለም መርኣያ ይኸውን 'ዩ ተባሂሉ ዝተሸለምናሉን ዝተፈለጥናሉ ስራሕቲ ነይሩ 'ዩ። እዚ ብበዝሒ ዘንቀስቐስ ስራሕቲ ንደቂ ኣነስትዮን መናእሰይን ብንህቢ ምርባሕን ብካሊእ ሕርሻ ልምዓትን ምርባሕ ሃፍቲ እንስሳን ተረባሒ ዝገብር መቀሎ ጎቦታት ዝነበረ ኣንፈት ፖሊሲ እቲ ኽልል ፍልይ ዝበለ 'ዩ ነይሩ። እዚ ናይ ሎሚ ዘበን ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ፍልይ ዝገብሮ ግና ድሕሪ ምክያድ ሓያል ኲናት ምስ ምክያዱ ተተሓሒዙ ምጉዳል ጉልበት እቲ ሓረስታይን ዝነበርዎ መሳርሕታት ዝዓነውሉ ምስ ምዃኑ ፍሉይ ይገብሮ። ካልኣይ እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ሓያል ጥምየትን ዓፅቦን ኮይኑ ዝሰርሐሉ ዘሎ ምዃኑ፤ ምኽንያቱ ሰብኣዊ ሓገዛት ንኣዋርሕን ዓመትን ደው ዝበለሉን ብሓፈሻ ተደራረብቲ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣውን ፅገማት ኣብ ዘለሉ ዝካየድ ምዃኑ ፍልይ ይገብሮ።

ከምዚ ኮይኑ እቲ ሕብረተሰብና ኣብዝኾነ ይኹን እዋን ዋላ 'ውን ኣብቲ ዝመረረ እዋን 'ውን ስራሕቲ ምሕዋይ ተፈጥሮ ሃፍቲ ከም ባህሪ ገይሩ ዝወነኖን ምዃኑ ኣብዚ ብዓብዪ ተማሂርና ኣለና። ሓደ መግለፂ ናይዚ ድማ እንታይ 'ዩ፤ እቲ ሕብረተሰብ ካብ ዘለዎ ቅርሺ እናዋፅአ 'ውን ነዚ ስራሕ ዝሕግዝ ማሽነሪታት ከይተረፈ ተኻርዩ ዝሰርሓሉ ተራእዩ 'ዩ። ኣብ ገለ ከባቢ 'ውን ዋላ ዝተባባዕ ኣይኹን ጉልበት ሰብ ከይተረፈ ተኻርዮም ብሸቃሊ ዝስርሑ ኣለው 'ዮም። እቲ ሕብረተሰብ ክንዲ ዝኹሉ ተገዲሱ ተፈጥሮ ሃፍቲ ክነሕዊ ኣለና መዋፅኢና 'ውን እዚ 'ዩ ኢሉ ብምእማን ዝገብሮ ምዃኑ እዚን ካልእን ፍሉይ ይገብሮ።

**ወጋሕታ፦ ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ክንደይ ዝኣክል ሰብ ይሳተፍ ኣሎ? ክንደይ ዝኣክል ስፍሕት መሬት ተሰሪሑ?**

**ኣይተ ምክኤል፦** ከም ክልል ክስራሕ መደብ ዝተትሕዘ ኣብ ኩለን ዞባታት ናብ 53 ሽሕ ሄክታር ንምሽፋን 'ዩ። ሐዚ ተሰሪሑ ዘሎ ስለዘይዓቀንና ክንድዚ ተሰሪሑ ኣሎ ንማለት ይኸብደና 'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ኩሉ ጣብያታት ዝተሰርሐ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዝዕቀን ብጅፒ ኤስ ስለዝኾነ ብበዓል ሞያ ተለኪዑ ነዚ መኣከቢ መረዳእታ ዝኸውን ሶፍትዌር ተኣኪቡ ፕሮሰስ ምስተገበረ 'ዩ ክንድዚ ዝኣክል ሽፋን ብኪሎ ሜትር ወይ ብሄክታር ተሰሪሑ ተባሂሉ 'የ ዝወፅእ። ስለዚ እዚ ኣብ ቀፃሊ ምስተሰርሐ ንገልፆ ኢና ንኸውን። ኣብዚ ወፍሪ ብርክት ዝበለ ሕብረተሰብ ኩሉ ክሰርሕ ዓቕሚ ዘለዎ ክሳተፍ ትፅቢት ዝግበር። ኣብዚ ካብ 20 ክሳብ 25 ሚእታዊ ዝኸውን ነባሪ እቲ ሕብረተሰብ ክሰርሕ ተሓሳቢ ዝገብረ 'ዩ።

**ወጋሕታ፦ ምስዚ ተተሓሒዙ ኣብዚ ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዝካየደሉ ዘሎ ከባቢን ካልኦት ከባብታትን ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝግበር ስራሕቲ ፈልሲ ንምትኻል ዝግበር ምድላዋት ኣሎ ዶ?**

**ኣይተ ምክኤል፦** ቅድሚ ሐዚ ዝነበራና ብርክት ዝበላ ጣብያታት ፈልሲ ናብ 90 ሚእታዊ ዝኾና በቲ ዝነብረ ኹናት ዓንየን 'የን። ሐዚ ከም ክልል እንገብሮ ዘለና ኣብዚ እዋን ካብ 8 ክሳብ 9 ሚሊዮን ዝኾና ፈልስታት ጥራሕ 'ዩ ዝህልወና ስለዚ እዚ ፈልሲ እዚ ኣብ ቀፃሊ ክረምቲ ዝትከል ኾይኑ፤ ኣብዚ ሐዚ ሰዓት 'ውን ዕቀባ ሓመድን ማይን ከልምዑ ከለው ብተመሳሳሊ ባዮሎጅካል ወይ ከዓ ስነ ሂወታዊ ዝብሃል መደባት ኣቢሉ ዝተፈላለዩ ብማይ ከይሽርሽር ሓመድ ክሕዞ ዝኽእሉ ተኽልታት እናተተኸለ 'ዩ ዝርከብ ዘሎ። ነቲ ናይ ክረምቲ ስራሕትና ግና ነቲ ተኸላ ፈልሲ ዝሕግዙ ስራሕቲ ጉድ ጓድ ምድላው ዝበሉ ክስራሕ 'ዩ። ቅድሚ ሐዚ ከም ክልል በቢዓመቱ ልዕሊ100 ሚሊዮን ፈልሲ ንተክል ነይርና ኢና። ኣብዝ ሐዚ እዋን ግና ከምኡ ዓይነት ዕድል የብልናን። መብዛሕትኡ እቶም ፈልስታት እንረኽቦም ካብ ጣብያ ፈልስታትና ዘይኮነስ፤ ገሊኡ ካብ ማሕበራት ገሊኡ ከዓ ብውልቀ ሓረስቶትን ዝተወደቡ መናእሰያትን 'ዩ። ኣብተን ዘለዋና ጣብያታት ፈልሲ ግና እተን ዝገለፅክወን ቁፅሪ ፈልስታት ኣሎ (8-9ሚሊዮን) ።

ካሊእ ከም ብርኪ ሃገር ተታሒዙ ዘሎ ፕሮግራም ግሪን ሌጋሲ ተተሓሒዙ ድማ ክልልና 'ውን ክንዲ ዓቕማ ዝፈቕዶ ክንሰርሕ ንንቀሳቐስ ኣለና ኢና። ምስ ኣካላት መንግስቲ ፌዴራል 'ውን በቢ እዋኑ ፅቡቕ ርክብ እናተገበረ 'ዩ ዘሎ። ምስ ሓደ ሓደ ፕሮጀክታት ተፈጥሮ ምሕዋይ ተተሓሒዙ ምስ እኒ ‹‹ዊ ፎሮስት›› ዝበሉ ተሓጋጊዝና እንሰርሖ ስራሕቲ ኣሎ 'ዩ። ብዋናት ከኣ ኣብ ቀዋሚ ተኽሊ ፈልስታት ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ኣብተን ሐዚ ዝርከባ ናይ ፈልሲ ጣብያታት ዝብልዑ ተኽልታት ብምብዛሕ ኣብ ከተማታት ከባቢ ንምትካል ንሰርሕ ኣለና ኢና።

**ወጋሕታ፦ንሕርሻ በልጊን ከምኡ ውን ንክረምታዊ ስራሕቲ ሕርሻ ዝግበሩ ምድላዋት እንታይ ይመስሉ? ብፍላይ ኣብ ቀረብ መዳበርያ፣ ምሩፅ ዘርእን ከሚካላትን እንታይ ተተሲሙ ይስራሕ ኣሎ?**

**ኣይተ ምክኤል፦** በልጊ ካብቲ ሐዚ ዘሎ ጉድለት ምህርቲ መዋፅኢ ክኸውን ካብ ዝሓዝናዮም ሓደ ኣንፈት

“ትግራይ ብዙሕ ... ገፅ 6



# “ትግራይ ብዙሕ ሃፍቲ ዝዓነዋ ...

ዩ። ከምዝፍለጥ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ሰለስተ ዞባታት ዝነብረ ምቁራፅ ዝናብን ውሕጅን ካብኡ ብተወሳኺ ዝተፈላለዩ ባልዕን ተወሲኹዎ ጉድለት ምህርቲ ኣጋጢሙ 'ዩ። ስለዝኾነ ናይ በልጊ ተጠቀምቲ ዝኾና ከባቢታት ብፍላይ ብበዝሒ ተጠቀምቲ ዝረከባሉ ከባቢታት ደቡብ ብምዝርራብ ብስፍሕት ንምስራሕ ብሓፈሻ ኣብ በልጊ ተጠቀምቲ ዝኾና ከባቢታት ናብ 15 ሽሕ ሄክታር ክነልምዕ ተሊምና ንሰርሕ ኣለና። ክሳብ ሐዚ ናብ 2548 ሄክታር ዝኣክል ብዝተፈላልዩ ዓይነት ዝራእቲ ይለምዕ ኣሎ 'ዩ።

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ናይ ልምዓት መስኖ ስራሕትና 'ውን ብርክት ዝበሉ ዓይነታት ዘርኢ ከም ዓይነታት ዘርኢ ኣዕታር ዝበሉ ክበቁሉ ብምግባር እቲ ቅድም ኢሉ ኣብቲ ናይ ክረምቲ መፍረይነት ዝሰኣናዮምን ዝጎደሉናን ምህርቲ ከም መመለኢ ተሓሳቢ ተገይሩ ውሕስና ምግቢ ሕብረተሰብ ንምምላእ ክንሰርሕ ኣለና ኢልና ሓሲብና ካብ ዝራእቲ ኣሕምልቲ ብዝዘለል ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዝራእቲ እኽሊ ዝዝረኣሉ ኩነታት ኣሎ 'ዩ። ምስ ቀረብ መሰረታዊ እታወታት ተተሓሒዙ ድማ ንሕና ከም ክልል ኣብዚ እዋን ምሩፅ ዘርኢ ናይ ምርባሕ ስራሕቲ ኣብ ዝተፈላለያ ናይ ማሕብራትን ውልቀ ሰብ ሃፍትን ከምኡ 'ውን ሞዴል ውልቀ ሓረስቶትን ዝተፈላለየ ዘርኢ ስርናይን ጣፍን ከራባሕ ተርገይሩ ንቀፃሊ ናይ ዘርኢ ቀረብ ውሕስ ክግበር 'ዩ። ኣብዝ ሐዚ ሰዓት እዞም ዝተዘርኡ ምሩፅ ዘርእታት ኣብ ፅቡቅ ብቁለት ኩነታት ከምዘለው 'ቶም ተቆፃፀርቲ ኣካላት ከምዝረኣይዎን እዚ ከዓ ክእኩብ ከምዝኽእል ኢና ተስፋ ንገብር ዘለና። እዚኦም ኣኪብና ከዓ ኣብ ቀፃሊ ንዘርኢ ክንጥቀመሎም ኢና።

ኣብ ቀረብ መዳበርያ ብዝምልከት ድማ ካብቲ ናይ ቅድሚ ሐዚ ብዝተፈላለየ ምኽንያት እታወታት መዳበርያ ድሒሩ 'ዩ ዝመፅእ ነይሩ። ነቲ ሓረስታይ 'ውን ዘንጊዑ ዝበፅሕ ስለዝነብረ ብዙሕ ኣብ ጥቅሚ ዘይወዓለሉ ኩነታት ነይሩ 'ዩ። ሎሚ ዘበን ግን ብዝተፈለየ ብመንግስቲ ፌደራል ብፍሉይ ድማ ብሚኒስቴር ሕርሻ ቀዲምና ዘድልየና መዳበርያ ብዘውፅኦ ፕሮግራም መሰረት ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ብርኪት ዝበለ መዳበርያ ናብ ክልልና ኣትዩ 'ዩ። ብዝጠለብንናዮ መዳበርያ መሰረት ንክበፅሐና ምሉእ ተስፋ ኣለና። ናይ መስኖ ብዝምልከት ድማ ኣብዝ ሐዚ ሰዓት ናይ መዳበርያ ቀረብ ሓቲትና እቲ ሓረስታይ 'ውን በቲ መስኖ ከልምዐሉ ዝኽእል ዓቀን ዝረኽበሉ እናተዳለና ንርከብ።

**ኣይተ ምክኤል:-** ምስ መሳርሕቲ ሕርሻ ተተሓሒዙ ካብ መንግስቲ ፌደራል ዝተረኸባ ናብ 500 ዝኾና ትራክተራት ንትግራይ ብፍሉይ ተገዚአን ኣለዋ ተባሂሉ ነይሩ እሞ፤ ብዛዕበን እንታይ ዝብልዎ ነገር ኣሎ?

**ኣይተ ምክኤል:-** ብዛዕባ እዚ ዝህበካ ሓበሬታ የለን፤ ምኽንያቱ ክሳብ ሐዚ ኣብ ኢድና ዝኣተወ ነገር ስለ ዘየሎ። ኣብ ኢድና ምስ ኣተዋ ግና ኣትየን ኣለዋ ክንብል ኢና።

**ወጋሕታ:- ብወገነይ ንግዝኡ ሒዘዮ ዝነበርኩ ሕቶታት ወዲአ ኣለኹ ኣብዚ ክግለፅ ዘለዎ ዘይተገለፀ እንተሃልዩ ናይ መወዳእታ ዕድል ክሕቦም?**

**ኣይተ ምክኤል:-** እቲ ዝተልዓለ እኹል 'ዩ። ነቲ ዝተልዓለ ተሓሳቢ ገይርካ ድማ ኣብቲ ዘለና ዝተፈላለዩ ናይ እታወታት ሕፀረት ከም ንምክልኻል ባልዓት ዝውዕሉ ኬሚካል ናይ ክትባታት መድሓኒት ዝበሉ ሕፀረታት ክሕግዙና ዝኽእሉ ኣካላት ክሕግዙ ንሓትት። ከምዝፍለጥ ትግራይ ብዙሕ ዝነብራ ሃፍቲ ዝዓነዋ ምስ ምኳና ካብ ናይ ካልኦት ክልላት ፍልይ ብዝበለ ተወሳኺ ትኹረትን ሓገዝ ዘድልያ ክልል 'ያ። ስለዚ መንግስቲ ፌደራል ብባጀት ይኹን ብካሊእ ሓገዛት ዝበለፀ ትኹረት ሂቡ ዝሪኣሉ ኩነታት ተዝፍጠር። ከምኡ 'ውን ምስ ግሪን ሌጋሲ ተተሓሒዙ ክልልና ቅድሚ ሐዚ ዘለና ሓፍቲ ኣንቀሳቂስና ኣብዚ ፕሮጀክት ብምፍሳስ መርኣያ ዝኾነ ስራሕቲ እናሰራሕና ፀኒሕና ኢና ሐዚ ግና ዝጎዳደሉ ነገራት ስለዘለው ኣብዚ ክሕግዙና ዝኽእሉ ድጋፍ ወሃብቲ ኣካላት ከተባብዑልና ይግባእ።

**ወጋሕታ:-ስለ ዝሃብኩምና መብርሂ የቐንየልና።**

**ኣይተ ምክኤል:-** ኣነ ውን የቐንየለይ።

## ‹‹ትካላት ኢትዮጵያ ብኣህጉርን...

ብዙሓት ኣሰሮም ንክኽተሉ ብምሕሳብ 'ዩ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ካብ መንጎ ዝተሸለሙ ሚኒስቴር ግብርና ብልምዓት ሰርናይ ካብ ኣፍሪካ ቐዳማይ ካብ ምኳን ሓሊፉ ተወዳዳሪነቱ ከጠንክር ከምዝግባእ ገሊፆም። እቲ ሽልማት ንብዙሓት ሓረስቶት ውፅኢት ፃዕሪ ዝተውሃበ ከምዝኾነ፤ ኣብ ካልኦት ምህርቲ 'ውን ብምድጋም ኣብ ኣህጉር ዘለዎ ዓቕሚ ክብ ከብል ኣለዎ ኢሎም።

መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብ ኣፍሪካ ቀዳሚ ጥራሕ እንተይኾነስ ካብ ዓለም ተወዳዳሪ ከምዝኾነ ኣብ ግምት ብምእታው ተሸላሚ ከምዝኾነን ኣብ እዋን ኮቪድ ዘርኣዮ ሜላን ጥንካረን ብምቕፃል ንዝሓሸ ዓወት ከምዝግብ ከምዝገግባእ ኣመልኪቶም።

ኢትዮ ቴሌኮም ልዕሊ 75 ሚልየን ተጠቀምትን ብቴሌብር 43 ሚልየን ዓዋዊል ከምዘፈርየ ገሊፆም። እቲ ትካል ኣብ ግብሪ ምኽፋል ኾነ ብቴክኖሎጂ ዕብየት ኢትዮጵያ ዘረጋገፀ ከምዝኾነ ኣብ ቀፃሊ 120 ሚልየን ህዝቢ ተጠቃሚ ንምግባር ውፂኢታውነቱ ከጠናኽር ይግባእ ኢሎም።

ፖስታ ኢትዮጵያ ካብ ኪሳራ ወፂኡ ትርፋማን ብዓለምለኸ ተወዳዳሪ ብምኳኑ ድሕሪ ምድናቖ፤ ዝተጀመረ ለውጢ ተጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ ኢሎም። ብመንእሰይ ኣመራርሓ ብምሕጋዝ ሌብነት ብምክልኻልን ዘመናዊ ኣሰራርሓ ብምቕፃል ዝጀመሮ ውፅኢት ምስፍሕፋሕ ከምዝግባእ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣረዲኦም።

ካልእ ተሸላሚ ዝኾነ ፕሮጀክት ዓባይ ግድብ ህዳሰ ናብ ውድቀት እናምረሐ ዝነበረ ብምኳኑ ድሕሪ እቲ ለውጢ በቲ ፕሮጅክት ኣመራርሓን ሰራሕተኛን ብሓይሊ ፀጥታን እቲ ህንፀት ብፅሬትን ፍጥነትን ንክስራሕ ከምዝተገበረ ኣልዒሎም። እቲ ህንፀት ጠጠው ንምባል ዝተፈላለዩ ተንኮላት እንተተፈፀመ 'ውን ፈተናታት ሓሊፉ ከምዝተዛዘመ ገሊፆም። ንቀፃሊ 'ውን ብኣፍሪካ ግድብ ማእኸል ልምዲ ኾይኑ ከገልግል ከምዘለዎ ኣመልኪቶም።

## “መንግስቲ ናህሪ ዋጋ...

ብምኳኑ ናህሪ ዋጋ ብዝፈጥሮ ፅዕንቶ ተጎዳእቲ ኾይኖም። ብምኳኑ 'ውን ናህሪ ዋጋ ንምርግጋእ መንግስቲ ዝተፈላለዩ ስጉምትታት ፍታሕ እናወሰደ ይርከብ ።

ኣብዚ ጉዳይ ንግ.ዜ.ኢ. መብርሂ ዝሃቡ ሚኒስትር ዴኤታ ገንዘብ ኢዮብ ተካልኝ (ዶ/ር)፤ ትልምን በጀትን በጀት ዓመት 2016 ዓ.ም ዕላዊ እንትግበር ናህሪ ዋጋ ብምቁፅፃር ምኽባር መነባብሮ ምርግጋእ እቲ ሓደ ዓውዲ ጠመተ 'ዩ።

ነዚ 'ውን ብብርኪ ፊስካል ፖሊሲ ነቲ ዓመት ንትካላት እቲ ዘፈር ዝተመደበ በጀት ብኣንፃራውነት ካብቲ ዝሓለፈ ዓመት ብዙሕ ወሰኽ ዘይተገበረሉን ናህሪ ዋጋ ንምርግጋእ ንኽሰርሑ ዘገድድን ምኳኑ ገሊፆም።

ብመሰረት እቲ ውሳነ ትካላት ብንእሽተይ ወፃኢ ቕልጣፈን ፈጠራን ብምውሳኽ ውፅኢት ዘለዎ ምንቅስቓስ ንኽገብሩን ብዲሲፒሊን ንኽምርሑን 'ዩ።

ብምኳኑ 'ውን ሚኒስቴር ገንዘብ ኣብ ዝተረፉ ኣዋርሕ እቲ በጀት ዓመት 'ውን ኣሰራርሓ በጀቱ ንኽስጥም ብመንግስቲ ተወሲኑ እናተሰርሐ ምኳኑ ተዛሪቦም።

ናህሪ ዋጋ ንምርግጋእ ዝተናበበ ስጉምቲ ፖሊሲ እናተወሰደ ምኳኑ ዘብርሁ እቶም ሚኒስትር ዴኤታ፣ ብሄራዊ ባንኪ 'ውን መመሓየሺ ፖሊሲ ገንዘብ ብምግባር ጥብቂ ውሳነታት ከምዘሕለፈ ገሊፆም።

## ሕብረት ዳያስፖራ ኣብ ዳግመ...

ጥራሕ እንተይኾነስ ኣብ እዋን ሰላም ዝድመፅን ናይ ሰላምን ዕርቅን ድምፂ ኾይኑ ክሰርሕ ብዙሕ ፃዕርታት ክንገብር ከምዘለና ይኣምን ኢሎም።

ዓቕሚ ህዝቢ ትግራይ ብዙሕ 'ዩ ብዙሕ ዝተምሃረ ማሕበረሰብ ኣሎ ፤እዚ ሓይሊ ንምንታይ ናብ ፀገም ኣቲና? ድሕሪ ኸዚ ናብ ፀገም ንከይመልስ እንታይ ክንገብር ኣለና ? ሰላም ንክፀንዕ እንታይ ንሓግዝ? ተመሊስና ናብ ፀገም ዘእትዉና ዘላዉ ፀገማት ከመይ ኢና ንፈትሖም ? ኣየናይ ትኹረት ገይርና እንተሰሪሕና ኢና ህዝቢ ተግራይ ብቕልጡፍ ክድሕን ዝኽእል ዝብል ሞያዊ ትንተና ክህብን ኣብ ሕውየትተ ትግራይ ናይ ግደኦም ክገብር ይግባእ ክብሉ ኣብሪሆም።

## ሓረስታይ ትግራይ መዋፅኢ ፀገማትና...

ኢልና ናይ ፈተነ ፕሮግራም ን4ን 5ን መዓልታት ዝኸውን ናይ ዕቀባ ስራሕቲ ሰሪሕና ኢና ዝበሉ ኣይተ ምክኤል፤ ካብኡ ድማ ናይ ሰብ ሓይልን ሰሌጠን ስራሕቲን ክግምገም ተገይሩ ዕላዊ ዝኾነ ስራሕ ካብ 4 ለካቲት ዝተጀመረ ኮይኑ ክሳብ ሐዚ ድማ ናብ 16 መዓልቲ ዝኸውን ገይሩ ኣሎ።ይኹን 'ምበር ሰለጤን ስራሑ ግና ክሳብ ሐዚ ናይ 13 መዓልቲ ስራሕ ኢና ሰርሒና ዘለና ክብሉ ገሊፆም።


ኣብዚ ካብ 20 ክሳብ 25 ሚእታዊ ዝኸውን ነባሪ እቲ ሕብረተሰብ ክሰርሕ ተሓሳቢ ዝገብረ ኮይኑ ኣብ ኩለን ዞባታት ናብ 53 ሽሕ ሄክታር ንምሽፋን መደብ ተታሒዙ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ምክኤል፤ እቲ ዝተሰርሐ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዝዕቀን ብጅፒ ኤስ ብበዓል ሞያ ስለዝኾነ ክንድይ ከምዝተሰርሐ ኣብ ቀፅሊ ንገልፆ ኢና ንኸውን ክብሉ ሓቢሮም።

እዚ ናይ ሎሚ ዝካየድ ዝሎ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዘሎ ሕፅረታት መሳርሕታትን ሓይሊ ሰብን ርኢኻ ፅቡቅ ዝብሃል ስራሕቲ 'ዩ ዝሎ ዝበሉ ኣይተ ምክኤል፤ ናይ 20 መዓልቲ ነፃ ጉልበት ንስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዝብሃል ኣብ መላእ ዓለም ዘየለን ኣብ ትግራይ ግን ብዝተፈላለየ እዋናት በቢዓመቱ ንሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት እናተኻየደ ፀኒሑ 'ዩ። ብብርኪ ዓለም ከይተረፈ መርኣያ ይኸውን 'ዩ ተባሂሉ ዝተሸለምናሉን ዝተፈለጥናሉን ስራሕቲ 'ዩ ነይሩ ኢሎም።

ብስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ኣቢሉ ዝሓወየ ተፈጥሮ ሃፍቲ ንደቂ ኣነስትዮን መናእሰይን ብንህቢ ምርባሕን ብካሊእ ሕርሻ ልምዓትን ምርባሕ ሃፍቲ እንስሳን ብመቀሎ ኀቦታት ኣቢሉ ተረባሒ ዝገብር 'ዩ ነይሩ ኢሎም።

እዚ ናይ ሎሚ ዘበን ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ፍልይ ዘገብሮ ድሕሪ ሓያል ኲናት ምስ ምክያዱ ተተሓሒዙ ምጉዳል ጉልበት እቲ ሓረስታይን ዝነበርዎ መሳርሕታት ዝዓነውሉ ምስ ምኳኑን እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ሓያል ፀገም ኮይኑ ዝሰርሐሉ ዘሎን ተደራረብቲ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣውን ፀገማት ኣብ ዘለውሉ ዝካየድ ምኳኑ ፍልይ ይገብሮ ክብሉ ኣብሪሆም።

# ዩኒቨርስትታት ትግራይ ቅድሚ ኲናት ናብ ...


ዶ/ር ታረቀኝ አብርሃ


አቶ ዮሐንስ ከበደ


ዶ/ር ሰሎሞን አብርሃ


ዶ/ር ትካቦ ገብረስላሴ

ውን ሕዚ 'ውን ኣብ ዝለዓለ ፅዕንቶ በጀት ውሽጢ ይርከብ።

እቲ ዩኒቨርስቲ ኣብ እታዎት ዘለዎ ዝለዓለ ፀገም ንምቕራፍ ካብ ዝተፈላለዩ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት ድጋፍ ንምርካብ ፃዕርታት እናገበረ ከምዝርከብ ሓቢሮም፤ ብዙሓት ቓል ዝኣትዉ ኣካላት እንተሃለዉ 'ውን ብተግባር ግና ዛጊድ ዝኾነ ዓይነት ድጋፍ ከምዘይረኸበ ተዛሪቦም።

እቲ ዩኒቨርስቲ ኣካል ዩኒቨርስትታት ኢትዮጵያ ከምምኳኑ ኣብ ካልኦት ክፋላት ሃገርና ዝርከቡ ዩኒቨርስትታት ድጋፍ ክገብርሉ ይግባእ ዝበሉ ዶክተር ታረቀኝ፤ ሚኒስቴር ትምህርቲ 'ውን ኣብቲ ዩኒቨርስቲ ብኣካል ተረኺቡ ዑደት ከምዝገበረን ብዝከኣሎ ዓቕሚ እናደገፈ ከምዝርከብን ብምግላፅ ኣብ ቀፃሊ 'ውን ፃዕሩ ኣጠናኺሩ ንክቕፅል ሓቲቶም።

ዋና ፈፃሚ ስራሕ ምምሕዳርን መሰረተ ልምዓትን ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴሪኢ ዶክተር ሰለሞን ኣብርሃ ብወገኖም፤ እቶም ዩኒቨርስትታት ኣብቲ ክልል ሰላም ምስተፈጠረ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ትምህርቶም ኣቋሪፆም ዝነበሩ ተምሃሮ ንኽቕፅሉ፣ ኣብዚ ዓመት ድማ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ዩኒቨርስትታት ሓደሽቲ ተምሃሮ ተመዲቦምሎም ናብ ስሩዕ ስራሕቲ ምምሃር ምስትምሃርም ንኽምለሱ ድጋፍ ከምዝተገበረን እናምህሩ ከምዝርከቡን ገሊፆም።

ሕዚ ብዘሎ ኩነታት እቲ ሚኒስቴር ቤት ዕዮ ከምዚ ዝበለ ድጋፍ ክገብር 'የ ኢሉ ቓል ዝኣትዎ ነገር እንተዘይሃለወ 'ውን ብዝተኽኣሎ ዓቕሚ ኹሎም ኣብቲ ክልል ዝርከቡ ዩኒቨርስትታት ስራሕቲ ምምሃር ምስትምሃርም ንምስራሕ ኣብ ዘኽእሉዎም ጉዳያት ኣብ ቐፃሊ 'ውን ንዝገብሮ ድጋፍ ከምዝቕፅል ኣፍሊጦም።

ወጋሕታ **ዜና**

# ንህልውና ሶማሊያ መስዋእትነት ዝኸፈለት ኢትዮጵያ

ዓርብ ሊግ ኢትዮጵያን ሶማሌላንድን ኣብ ቀረባ እዋን ዝተፈራረምኦ ስምምዕነት ኣፍደገ ባሕሪ ብጥንኩር ቃላት ከምዘውገዘ ዝዝከር ‘ዩ፡፡ ኢትዮጵያ ብወገና እዚ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይን ሉዓላዊነተይን ኢድ ምእታው ‘ዩ ክትብል ነቲ መግለፂ ዓረብ ሊግ ብጥብቂ ተቃዊማቶ ‘ያ፡፡

ኢትዮጵያ ግዝኣት ሶማሊያ ብሓይሊ ንክትወስድ ኣይንፈቅድን ክሳብ ምባል ዝበፅሑ ብመራሕቲ ግብፂ ከምዝዝወር ዝዝረበሉ ዓረብ ሊግ፣ ናብ ኢትዮጵያን ናብ ሓደ ወገን ዘዘንበለ ዝመስል ፅዕንቶ መርገፂ ብምውሳድ ይፍለጡ ‘ዮም፡፡ ህልውና ሶማሊያ ንክረጋገፅ ናይ ህይወት መስዋእትነት ሓዊሱ ክግበር ዝግብኦ ኩሉ ዝኸፈለት ኢትዮጵያ ‘ምበር ዓረብ ሊግ ኣይኮነን፡፡ እዚ ዝኾነሉ ኩነታት እናሃለወ ዓረብ ሊግ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዘይፍትሓዊ መርገፂ ዘሰጉመሉ ምኽንያት እንታይ ‘ዩ?

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ርክብ ፖለቲካ ሳይንስን ዓለምለኸን መምህር ዝኾኑ ፕሮፌሰር ያዕቆብ ኣርሳኖ ከምዝብልዎ፤ ኣብዚ እዋን ዓረብ ሊግ ኣብ ዓለም ኣለው ካብ ዝብሃሉ ቀጣናዊ ትካላት ኣብ ቀዳማይ ዝስራዕ ‘ዩ፡፡ እዚ ትካል ዝተመስረተ ብኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን 1945 እንትኾን ክሳብ ሐዚ ናብ 80 ዓመት እናተፀግዐ ‘ዩ፡፡ ዝተመስረተ ብሰሜን ኣፍሪካዊት ግብፅን ኣብ ማእኸላይ ምብራቅን ብዝርከቡ ሳውዲ ዓረቢያን ኢራቅን ብዝመሳሰሉ ሃገራት ‘ዩ፡፡ ብሓፈሻ 22 ሃገራት ኣባላት ዘለዋሉ እንትኾን ዋና ቤት ፅሕፈቱ ድማ ኣብ ግብፂ ካይሮ ‘ዩ፡፡

ሓደ እዋን ብስምምዕነት ካምፕ ዴቪድ ምኽንያት ግብፂ ንእስራኤል ደጊፋ ብዝብል ንቁሩብ እዋን ዋና መቀመጢ ቤት ፅሕፈቱ ናብ ቱኒዝያ ተዘዋዊሩ ከምዝነበረ ዝገልፁ እቶም ፕሮፌሰር፤ ኣብዝሓ ኣባላት ሃገራት እቲ ሊግ እንተኾኑ ‘ውን ከም ሱዳን፣ ሱማሊንያ ጂቡቲን ዝኣምሰሉ ሃገራት ዓረባዊነት ከይተርፋና ኢሎም ናብቲ ሊግ ዝተፅንበሩ ‘ዮም፡፡ ሓለሓሊፉ ንእሽተይ ስፍሓት መሬት ዘለዋ ደሴታዊት ሃገር ኮሞሮስ ‘ውን ኣባል ዓረብ ሊግ ‘ያ ይብሉ፡፡

ፕሮፌሰር ያዕቆብ ከምዝገለፅዎ፤ ዓረብ ሊግ ነዊሕ እዋን ዝፀንሐ እንተኾነ ‘ውን ኣብ ሞንጎ ኣባላቱ ሕብረት፣ ሓድነትን ናይ ተግባር ቆራፅነት ዘይብሉ ትካል ‘ዩ፡፡ ዝተኣኻኸበ ካብ ምኺኑን በቢዓመቱ ኣኼባታት ካብ ምግባሩ ወፃኢ ብተግባር ኣባላቱ ኣብ ምሕላውን መኸታ ኣብ ሙኺኑን ስራሕ ኣይሰርሐን፡፡

ኢራቅ እንትውረር ሓደ ሓደ ኣባላት ሃገራት ምስ ወራሪት መንግስቲ ኣሜሪካ ዝስማዕምዑ ነይሮም ‘ዮም፡፡ ኣብ ውሽጦም ብዘሎ ፅልኢ እናተልዓሉ እቲ ዓብይ ጉዳይ ምውራር ሃገር ‘ኳ ብግቡእ መንገዲ መዚኖም ዘይረኣዩ ሃገራት ዘለውሉ እኩባት ‘ዮም ክብሉ ወሲኾም ይገልፁ፡፡

ሊቢያ ብየማንን ፅገማን ከቢድ ዝኾነ ወራር ኣትያ መራሒኣ እንትቅተልን እታ ሃገር ‘ውን ተኸፋፊላ ብድኽነት እንትፅገም እቲ እኩብ ሊግ ዝረበሖ ነገር ብዘይምንባሩ ዘልዓሉ እቶም መምህር ርክብ ፖለቲካ ሳይንስን ዓለም ለኸን፤ ብሓፈሻ ዓረብ ሊግ ካብ ቀረባን ርሑቅን ሃገራት ኣተኣኻኺቡ ኣባላት ሊግ ‘ዮም ካብ ምባል ዝሓለፈ ንጉዳይ ውሽጢ፣ ንልምዓት፣ ንዕብየት ከምኡ ‘ውን መንግስታት ካብ ምብፅባፅን ምጭቅጫቅን ንምድሓን ብቢግዝኡ ካብ ውሽጦም ዝፍልፍል ሽብርተኛነትን ንምክልኻል ‘ውን ዓቅሚ ዝሰኣነ ትካል ‘ዩ።


«ናይቲ ሊግ ዋና መቀመጢ ዝኾነት ግብፂ ዓቅሚ ዘይብሉ እኽብኻብ ጥቅመይ ተነኺኡ ብዝበለት ቁፅሪ ሓቢሮም ንከንጨብጭቡ ‘ያ ትገብር » ብምባል ክሳብ ሐዚ ዋጋ ዘለዎ ሓሳብ ካብ ምቅራብ መትከል ግብፂ ምርጋብ ዝመረፀ ትካል ምኺኑ ይገልፁ፡፡

ዓረብ ሊግ ኣብ ናይ ሰለስትኣዊ ስምምዕነት እንተተይበፅሓ ግድብ ኣባይ ከይመልእ ክሓትት ፀኒሑ ‘ዩ፡፡ ኢትዮጵያ ኣብ ሩባ ኣባይን ግድብ ኣባይን እናወሰደቶ ዘላ በይናዊ ስጉምቲ ትቆጠብ ዝብል መግለፂ እናስምዐ ኸሪሙ ‘ዩ፡፡ ቤት ምኽሪ እቲ ፀጥታ ግድብ ኣባይ ኣጀንዳ ገይሩ ንክዛተን እቲ ድርድር ካብ ሕብረት ኣፍሪካ ተሓዲጉ ኣርባዕተ ሃገራት ብኣባልነት ዝሓቆፈ ኮሚቴ ንከቋቁም ቤት ምኽሪ ፀጥታ እናቀስቀሰ ነይሩ ‘ዩ። እዚ ኹሉ ከይኣኸሎ ድማ ግድብ ኣባይ ቋዋሚ ኣጀንዳ ክሳብ ምግባር በፂሑ ‘ዩ፡፡

ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ጉዳይ ኢትዮጵያን ሶማሊያ ብዝምልከት ምስ ሶማሌላንድ ብዝተበፅሐ ስምምዕነት ምኽንያት ዝተልዓለ መዘራረቢ ጉዳይ ኮይኑ ምልዓሉ ዘዘኻኸሩ ፕሮፌሰር ያዕቆብ፤ ግብፂ ኣባል ዓረብ ሊግ ዝኾነት ሶማሊያ ነቲ ስምምዕነት ተቃዊማ ኢትዮጵያ ምኽሳሳ ከምፀቡቅ ዕድል ብምውሳድ፣ ኣብ ሓጓፍ ሸንጥሮ ናይል ውፅኢታዊ ስራሕ ብመስራሕ ብኢትዮጵያ ብምብስጫው ንምፅልእላእ ዲፕሎማሲ ገይራ እናተጠቀመት ትርከብ ይብሉ፡፡

ኢትዮጵያ ምስ ኣብዝሓ ሃገራት ዓረብ ሰላማዊን ውልቃዊ ርክብ ዲፕሎማሲ ከምዘለዋ ብምምልኻት፣ ምስተን ኣባል ሃገራት ዝተፈለጠን ዝኸፍኣን ንቀፃሊ ብፅልኢ ዘራኽብ ነገር የለን ኢሎም ፡፡


ረ/ ፕሮፌሰር አደም ካሚል


ፕሮፌሰር ያዕቆብ አርሳኖ

ምስዚ ኣተሓሒዞም ኣብ ዘተ ማእከል ብምግባር ምስ ሃገራት ዘላቂ ረብሓ ንክህልው ንምግባር ኢትዮጵያ ብዲፕሎማሲኣ ብጣዕሚ ክትጥንክር ኣለዋ፡፡ ስሕተታት እንተተሰሪሐ ‘ውን ንምስትኽኻል ፃዕሪ ምግባር ከድልያ ‘ዩ፡፡ ፅቡቅ ነገራት እንተሰሪሓ ‘ውን ካልኦት ንክፈልጡላ በርቲዓ ክትሰርሕ ኣለዋ ኢሎም፡፡

ተመራማሪ ታሪኽ ዝኾኑ ሓጋዚ ፕሮፌሰር ኣደም ካሚል ብወገኖም፤ ዓረብ ሊግ ኣብ ካይሮ ዝርከብ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ግብፂ ዘሎ ትካል ‘ዩ፡፡ ካብ ምስረታኡ ጀሚሩ ነቲ ትካል ዝመርሑ ግብፃውያን ‘ዮም፡፡ ስለዝኾነ ኣዕራብ ድልየት ግብፂ ንምምላእ ክብሉ ብዝፈልጥዎን ዘይፈልጥዎን እናተጎተቱ ናብ ግብፂ ‘ዮም ዝኸዱ፡፡ እተን ሃገራት ብኣባልነት እንተሃለውዎ ‘ውን ብኣፈፃፀም ብርኪ ግና ትሕቲ ዜሮ ‘ዮም ይብሉ፡፡

ሐዚ ብጉዳይ ሶማሊያ ዝመፅኡና ጉዳይ እቲ ግድብ ስለዘይቀንዖም ዝኾነ ክገብሩ ስለዘይኸኣሉ ‘ዩ ዝበሉ ‘ቶም ሓጋዚ ፕሮፌሰር፤ ኣብ ውሽጢ ሶማሊያ ሰላም ንክሰፍን ዘሎን ዘየሎን ሓይላ ተጠቂማ መሰዋትነት ዝኸፈለት ኢትዮጵያ ምኺና ብምሕባር፣ ሓደ ናይ ግብፂ ወታደር ኣብኡ ዘይምስታፉ የልዕሉ፡፡

ግብፃውያን ኣብዚ እዋን ኣብ ሃገሮም ናብ 4ሽሕ ዝፅጋዕ ሚዲያ ከምዘለዎምን ኣብ ጉዳይ ኢትዮጵያ 42 ጋዜጠኛታት ምውፋሮም ዝሓበሩ ሓጋዚ ፕሮፌሰር ኣደም፤ «ንሶም ከምዝደለዩ ይዛረቡ፤ ኣንሕና ግና ስራሕትና ምስራሕ ‘ዩ ዝግብኣና፡፡ እዚ ኹሉ ዝግበርዎ ኢትዮጵያ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዐሻራ ክህልዋ ኣይግባእን ብዝብል ‘ዩ» ይብሉ፡፡

ምውፃእ መግለፂ ዓረብ ሊግ ንኢትዮጵያ ከምዘይጎድኣ ብምምልኻት፤ ሐዚ ዘውፅእዎ መግለፂ ዘደንግፅ ኣይኮነን፡፡ ኢትዮጵያ ኣብ ኣፍሪካን ኣብ ሙስሊሙ ዓለምን ዓብዪ ቦታ ዘለዋ ሃገር ‘ያ፡፡ ንሶም ንዓና ክጎድኡና ዝኽእሉ ኣብ ባዕልና ክፍተት እንትረኽቡ ‘ዩ፡፡

ፕሮፌሰር ያዕቆብ ንቀፃሊ ሓለሓሊፉ ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ካብ ኣባል ሃገራት ዝለዓሉ ጭቅጭቃት ክህልው ከምዝኽእሉ ብምሕባር፤ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘለው ኣፈላላያት ዝፍትሕሉ ብዝተለመደ መንገዲ ዲፕሎማሲ ናይ ምፍታሕ ፃዕሪ ክቅፅል ኣለዎ፡፡ ብሓፈሻ ምስ ዓረብ ሊግ እንተኾነ ‘ውን ፅቡቅ ርክብ ንምፍጣር ፃዕሪ ምግባር ግቡእ ‘ዩ ኢሎም፡፡

ሓጋዚ ፕሮፌሰር አደም ካሚል ብወገኖም ሓድነት ጥንካረ እንተሃሉይና ዓረብ ሊግ ኣብ ጉዳይ ሶማሊያ ምንም ክገብር ዘኽእል ዕድል የለን፡፡ ብኣንፃሩ ኢትዮጵያ ምስ ዓረብኛ ተዛራቢ ዓረብ ዓለም ዲፕሎማቶትታት ብምምዳብ፤ ኣብ ዓለም ዓረብ እንታይ ይፅሓፍን እንታይ ይንበብን ከምዘሎ ጥንኩር ስራሕ ብምስራሕ ገዛ ዕዮኣ እንተተዋፂኣ ምስ ዓረብ ሊግ ይኹን ምስ ኣባላት ሃገራት ዘለዋ ርክብ ሰላማዊ ንክኸውን ምግባርን ርክባታ ምምሕያሽን ትኽእል ‘ያ ኢሎም፡፡



## ብልዕሊ 28 ሚልዮን ብር ህንፀት ፕሮጀክት ሓጋዚ መስኖ ይካየድ ኣሎ

ኣዲስ ኣበባ፡-ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ምስ ኣይ ኤፍኤዲ፣ ማረትን ብምትሕብባር ብልዕሊ ብር 28 ሚልዮን ዝካየድ ዘሎ ስራሕቲ ምእላይ ውሑጅ (ፕሮጀክት ሓጋዚ መስኖ) ዝበፅሖ ብርኪ ንምዕዛብ ኣብ ወረዳ እንደርታ ጣብያ ማይ ዓለም ፍሉይ ቦታ ማርያም ደብረ ገሊላ ዑደት ተሳሊጡ።

እቲ ዝካየደ ዑደት ኣብ ወረዳ እንደርታ ጣብያ ማይ ዓለም ፍሉይ ቦታ ማርያም ደብረ ገሊላ ዝተብሃለ ንሓረስቶት ደብረገሊላ ማሕበር ህዳሴ ኣብ እዋን ክረምቲ ዝዘንብ ማይ ሩባ ብምእላይ ብካናል ኣቢሎም ናብ መስኖ ንምውዓል ዝስራሕ ዘሎ ፕሮጀክት እንትከውን፣ እቲ ዝስራሕ ዘሎ ፕሮጀክት ን540 መራሕቲ ስድራ ሓረስቶት ተጠቃሚ ዝገብር፣ ን180 ሄክታር መሬት ከልምዕ ተሓሳቢ ዝገበረ፣ ንውሓት እቲ ካናል ድማ 7 ኪ.ሜትሮ ብኮንክሪት ዝተሰርሐ ‘ዩ። ሕዚ ኣፈፃፀማ እቲ ህንፀት 92 ሚኢታዊ ዝበፅሐ ኾይኑ ድሕሪ ክልተ ሰሙን ተዛዚሙ ናብ ተጠቀምቲ ከምዝሰጋገር ተገሊፁ ኣሎ።

ኣማኻሪ ኢኮኖሚ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ኣይተ ፀጋይ ገ/ተኽለ ከምዝበልዎ ድርቂ ብተደጋጋሚ ዘጥቀዕና ዘሎ ኣብ ዕቀባ ማይን ሓመድን ኣበርትዕና ብዘይምስራሕና ‘ዩ፤ ኾይኑ ግን ንሓደጋ ድርቂ ዘቃልል ብቢሮ ማይን ኢነርጅን “ኣይኤፍኤዲ” /IFAD ን ዝስራሕ ዘሎ ሓጋዚ መስኖ ተዛዚሙ ንግልጋሎት ምስወዓለ ብርኪት ዝበለ ሓረስታይ ተረባሒ ዝገብር ፕሮጀክት ከይበላሸ ግቡእ ሓለዋን ክንክን ብምግባር ናብ ዘላቂ ልምዓት ከምዝሰጋገሩ ገሊፆም።

መተሓባበሪ እቲ ፕሮጀክት ኣይተ ፍፁም ገ/ሚካኤል ብወገኖም እቲ ስራሕ ቅድሚ ኩናት ዝተጀመረ እንትኸውን በቲ ዘጋጠመ ኩናት ተቛሪፁ ብምፅናሕ ሐዚ ግን ምስ ፌዴራል ፕሮግራም “ኣይኤፍኤዲ” ብምርድዳእ ክልቀቐ ከም ሓዱሽ ውዕሊ ተኣሲሩ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ቢሮ ሕርሻን ኣብ ዝሓፀረ እዋን ብምስራሕ ናብ 92 ሚኢታዊ ብርኪ ህንፀት ክበፅሕ ኪኢሉ ‘ዩ ኢሎም።

ምክትል ቢሮ ሓላፍን ዳይሬክተር ኮንትራት ምምሕዳር ህንፀትን ሱፐርቪዥን ኣይተ መልኣኩ እስጢፋኖስ ብግዲኦም ህዝቢ ብምትሕብባር ኣይከኣልን ዝብል ዝነበረ መንፈስ ብምስባር ቢሮ ሕርሻን ቢሮ ማይን ኢነርጅን ሓደ ዓይነት ኣተሓሳስባን ተግባርን ብምሓዝ ኣብ ዝሓፀረ ግዜ ናብዚ ክበፅሕ ብምግባር ንቀፃሊ ብዘላቅነት ልምዓት ንምምፃእ ክንሰርሓሉ ኢና ኢሎም ክብል ኮሙኒኬተር ቢሮ ማይ ሃፍቲ ትግራይ ብምፅራሕ ቤት ፅሕፈት ጉዳያት ኮሙኒኬሽን ትግራይ ሓቢሩ።

## ኣደነትን ሰብኣዊ ስራሕን ልዕሊ ብረታዊ ቓልሲ ጥንካረ ዝሓትት ”ዩ

ሄርሞን ፍቃዱ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣዶነትን ተሳትፎ ሰብኣዊ ስራሕትን ልዕሊ ብረታዊ ቓልሲ ጥንካረ ዝሓትት ‘ዩ ክብላ ወይዘሮ ሙሉ ግርማይ መስራቲት ላይፍ ሴንተር (በዓልቲ ቤት ነበር ቐዳማይ ሚኒስትር ታምራት ላይኔ) ተዛሪበን፡፡

ወይዘሮ ሙሉ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከም ዝበልኦ፤ቐድም ክብል ደርጊ ንምውዳቕ ኣብ ዝተገበረ ብረታዊ ቃልሲ ተቓሊሰ ‘የ፤ኾይኑ ግና ልዕሊ እቲ ብረታዊ ቓልሲ በዓል ቤተይ ኣብ ቤት ማእሰርቲ እናሃለወ ኽልተ ደቀይ በይነይ ኮይነ እንተዕቢ ኸቢድ ጥንካረ ከም ዝሓትት ሪአዮ ‘የ፡፡

ምስ ፖለቲካ ተተሓሒዞ ዝነበረን ሐዚ ‘ውን ዘሎን ባህሊ ፖለቲካ ኣዝዩ ድሑር ‘ዩ፡፡ ብምኽንያት እዚ ምስ ቤተሰብን ኻሊእ ማሕበረሰብን ዝፍጠር ምድፍፋእን ምግላልን ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ዝበፅሕ ዘይግባእ መድልዎን በደልን ኣግባብነት ዘይብሉ ‘ዩ ኢለን፡፡

እተን ወይዘሮ ከምዝበልኦ፤ብሰንኪ ኣሰብኡ ተንን ኻልኦት ፖለቲከኛታትን ዝፍጠር ምንሕናሕ ኣብ ልዕለይ ዝበፅሐ ኸቢድ ፀገም ኣብ ልዕሊ ኻልኦት ክፍፀም የብሉን፡፡ምኽንያቱ ብዘይ ምንም ጥፍኣት ቤተሰብ ስለዝኾነ ጥራሕ ማእሰርትን በደልን ክበፅሖ ምግባር ነውሪ ከምዘይኮነ ተዛሪበን፡፡

በዚ ምኽንያት ድማ ካብ ሀገረን ተሰዲደን ናብ ኬንያ ድሕሪ ምኻደን ብኡ ገይረን ናብ ኮሎራዶ ምስ ኣተዋ ንዓሰርተ ኽልተ ዓማውቲ ኽልተ ደቀን በይነን እንተዕብያ ቐሊል ከምዘይነበረ ይገልፃ፡፡

እቲ ምስ ደቀን ዝበፅሐን ፀገምን መድፋእትን ናብ ሰናይ ሓሳብ ብምልዋጥ፤ላይፍ ሴንተር ዝተብሃለ ህፃውንትን ሕፅረት ናብራ ዘለወን ኣዴታትን ዝሕግዝ ትካል ከም ዘጣየሻ ተዛሪበን፡፡

እተን ወይዘሮ ከም ዝበልኦ፤ህይወት ብተግባር ኣምሂራትኒ ‘ያ፡፡ በቲ ኣነ ዝሓለፍክዎ ኣፀጋሚ መገዲ ኻልኦት ደቂ ኣንስትዮ ክሓልፋ የብለንን፡፡ስለ ዝኾነ ድማ ንህፃውንትን ኣብ ትሑት መነባሮ ንዝርከባ ኣዴታትን ክሕግዝ ላይፍ ሴንተር ዝተብሃለ ትካል ኣጣይሸ ይብላ፡፡



ወይዘሮ ሙሉ ግርማይ

እቲ ዘጣየሸኦ ትካል ኣብ ኣዲስ ኣበባን ኣብ ክልል ኣምሓራ ሰቖጣ ከም ዝርከብ ብምግላፅ፤ልዕሊ 400 ኣዴታትን 280 ዝኾኑ ወለዶም ዝሰኣኑ ፅጉማት ቖልዑ ኣብ ምሕጋዝ ይርከባ፡፡

በዚ ስራሕ ሕጉስቲ ከም ዝኾና ዝገለፃ ወይዘሮ ሙሉ፤ብፍላይ ብምኽንያት ፖለቲካ ቤተ ሰብ ምልካም ክተርፍ ከም ዘለዎን፤ካፍቲ ሕሉፍ ትምህርቲ ምውሳድ ይግባእን ብምባል መልእኽተን አመሓላሊፈን፡፡



# ስፖርት



## ኢትዮጵያ ኣብ መበል 13 መላእ ፀወታታት ኣፍሪካ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

መርኣያ ፓን ኣፍሪካ ካብ ዝኾኑ ውድድራት ስፖርት ሓደን ዋናን ፀወታታት መላእ ኣፍሪካ ከም ኣቆፃፀራ ኣውሮፓ 1965 ንመጀመርያ እዋን ብኣደላውነት ኮንጎ ‘ዩ ነይሩ ዝተኻየደ። ኣብ ኦሎምፒክ መርህን ስርዓትን በቢ ኣርባዕተ ዓመቱ ዝካየድ እዚ ውድድር ብሕብረት ኣፍሪካ ፣ ብብሄራዊ ኦሎምፒክ ኮሚቴታት ከምኡ ‘ውን ብኣፍሪካ ናይ ስፖርት ኮንፌደሬሽን ብሓባር ዝምራሕ ‘ዩ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየን እናሰፍሐን ብምምፃእ ንኦሎምፒክ ከም መፃረይ ውድድር ክሳብ ምጥቃም ዝበፅሐ ግደ ‘ውን ኣለዎ።

ኣዋርሕ ዝተረፍዎ ናይ ፓሪስ 2024 ኦሎምፒክ ስዒቡ መላእ ፀወታታት ኣፍሪካ ብኣዳላውነት ጋና ንመበል 13 ግዜ ምክያድ ካብ ዝጅምር መዓልትታት ተቖፂሮም ‘ዮም። ምዕራብ ኣፍሪካዊት ሃገር እቲ ውድድር ኣብ ዋና ከተማ ኣክራ ከምኡ ‘ውን ካልኦት ከተማታት እናዳለወት ‘ያ። በቲ ምድላው ድማ 145 ሚልየን ዶላር ወፃኢ ብምግባር እቲ ኦሎምፒክ ብርኪ ብዝሓለወ መዘውተሪ ስፖርት ከምዝሃነፀት ኣፍሊጣ ‘ያ። ንሰለስተ ሰሙን ንዝፀንሕ በዚ ውድድር ካብ 54 ሃገራት ኣፍሪካ ዝተውፃፅኡ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ኣትሌታት ብ30 ዓይነት ስፖርት ውድድር ንሰዓርነት ዝወዳደሩ ‘ዮም።

ቅድሚ ዉሑዳት መዓልትታት እቲ ውድድር ዝተጀመረሉ እዋን ዝተኻየደ ጠረንጴዛ ቴኒስ ግብፂ ብኽልቲኡ ፆታ ሰዓሪት ኾይና ‘ያ። በዚ ውድድር ዝተሳተፈ ብሄራዊ ጋንታ ኢትዮጵያ ኣይተሳኸዐሉን። ናይ ደቂ ኣንስትዮ ብሄራዊ ጋንታ ናብ ፍርቂ ፍፃመ ንምሕላፍ ዘኽለን ፀወታ ብናይጀርያ 3ን0 ተሳዒረን ‘የን። ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጉጅለ ድማ ናይ መጀመርያ ዙር ፀወታ ካብ ምድቡ ምሕላፍ ኣይካኣለን።

> **ኢትዮጵያ ኣብ መላእ ኣፍሪካ ፀወታታት ዝተሳተፈትሉ ካልእ ውድድር ድማ ሓመሳ ማይ እንትኾን፣ ብደቂ ኣንስትዮ ብ100 ሜትሮ ንፍርቂ ፍፃመ ሓሲፉ ”ያ**

ኢትዮጵያ ኣብ መላእ ኣፍሪካ ፀወታታት ዝተሳተፈትሉ ካልእ ውድድር ድማ ሓመሳ ማይ እንትኾን ፤ ብደቂ ኣንስትዮ ብ100 ሜትሮ ንፍርቂ ፍፃመ ሓሊፋ ‘ያ። ብኽልቲኡ ፆታ ናይ ቢራቢሮ ቐዘፋ ሓመሳን ሚኢትን ሜትሮ ውድድራት ዝተኻየደ እንተኾን ‘ውን ኣብቲ ውድድር ሃገራ ብምውካል ዝተሳተፈት ብርሃን ደመቀ ብምሕላፉ ንሳ ጥራሕ ውድድር ፍፃመ ከምትካፈል ተፈሊጡ ‘ዩ።

ኣብ መላእ ፀወታታት ኣፍሪካ ውድድር ዝካየደሎም ስፖርት እቶም 7 ስፖርትታት ኦሎምፒክ ‘ዮም። ካብዚኦም ኢትዮጵያ እቶም ሓሙሽተ ( ኣትሌቲክስ ፣ብስክሌት ፣ ሓመሳ ማይ ፣ጠረጴዛን ሜዳን ቴኒስ )




ውፅኢት ንምምፃእ ተሊማ ‘ያ።

ብሓፈሻ 149 ኣትሌታት ዝሓቑፍ እቲ ጉጅለ ብኣትሌቲክስ ፣ ኩዕሶ እግሪ ፣ቦክስ ፣ ብስክሌት ፣ ወርልድ ቴኳንዶ ፣ ሜዳ ቴኒስ ፣ ጠረጴዛ ቴኒስ ፣ሓመሳ ማይን ኩዕሶ ስክዒትን ስፖርት ክትፎካኸር ‘ያ።

በዚ መድረኽ ውድድር ብዙሓት ሜዳልያታት ብምምዝጋብ ቀዳማይቲ ዝኾነት ግብፂ እንትትኸውን ፤ 1ሸሕን 635 ሜዳልያታት ኣቁፂራ ‘ያ። ናይጀርያን ደቡብ ኣፍሪካን ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ብርኪ ብምሓዝ ተኸተልቲ ኾይነን ‘የን። 174 ሜዳልያ ዘለዋ ኢትዮጵያ ድማ ኣብ መበል 7 ብርኪ እንትርከብ ፤ ካብዚኦም ውሽጢ እቶም 45 ናይ ወርቂ ፣ እቶም 54 ናይ ብሩር ከምኡ ‘ውን 75 ነሓስ ሜዳልያታ ‘ዮም።

## ኣለሻ ወርቅታት ቅዱስ ያሬድ

## መኣዲ ጥበብ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣብ ዓለም ካብ ዝነበሩ ቀዳሞት ብስልጣነ ኣብ ልዑል ብራኸ ካብ ዝበፅሑን ብታሪኽ ካብ ዝፅውዑን ሃገርና ሓንቲ ‘ያ። ስልጣነ ሃገርና ሓፍ ኢሉ ካብ ዝተረኣየሉ እዋናት ድማ ሓደ ኣብ ሻድሻይ ክፍለ ዘመን ዝነበረ ብዙሓት ወርቃዊ ስራሕቲ ዝተረኣየሉ እዋን ‘ዩ ምባል ይከኣል። ብኪነ ጥበብ፤ ስነ ጥበብ፤ ብስነ ፅባቀን ስነ ፈለግን ተፈላጢት ካብ ዝገበርዋ ከም ስራሕቲ ጥበብ ቅዱስ ያሬድ ዝበሉ ተጠቀስቲ ‘ዮም።

እዞም ዓለም ዘደንቁ ብዙሓት ወርቃዊ ስራሕትታት ቅዱስ ያሬድ ኣብዚ እዋን ብግቡእ ተመርሚሮም ተፈሊጦም ተዓቂቦም ‘ዮም ክብሃሉ ኣይከኣልን። ስለዝኾነ ‘ውን ናይዚ ኸባርነት ዋጋ ዝተረድኡ ሓደ ሓደ ውልቀ ሰባትን ትካላትን ነዚ ወርቂ ዝኾኑ ስራሕቲ ንምትእልላሽ ምንቅስቃሳት ዝጅምሩ ኣለው ‘ዮም። ካብ ዚኦም ከም ወመዘክር ቤተ መዛግብትን ቤተ መፃሕፍትን ኢትዮጵያን ትካል ያሬዳዊ ጥበብ፤ ስነ ውበትን መበልፀጊ ክዋነ ጥበብን ኢትዮጵያን ዝጥቀሱ ‘ዮም።

እዞም ክልተ ትካላት ማለት ‘ውን ወመዘክር ቤተ መዛግብትን ቤተ መፃሕፍትን ኢትዮጵያን ትካል ያሬዳዊ ጥበብ፤ ስነ ውበትን መበልፀጊ ክዋነ ጥበብን ኢትዮጵያን ብሓደ ኮይኖም ብምትሕበባር ኣብ ቀረባ እዋን 21 ለካቲት 2016 ዓ.ም ሓደ ናይ ሓሳብ መተኣኻኸቢ መድረኽ ኣዳልዮም ነይሮም። ኣብዚ መድረኽ ንስራሕቲ ያሬዳዊ ጥበብ መዳርግቲ ኣካላት ዝኾኑ ምሁራት ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያንን ከምኡ ‘ውን ብዙሓት ሰብ ሞያ ሙዚቃን ታሪኽን ኣብ ኣደራሽ ወመዘክር ተራኺቦም ዝተፈላለዩ ሓሳባት ብምልዓል ዘትዮም ‘ዮም።

ኣብዚ ኣደራሽ ካብ ዝተረኸቡ ዕዱማት ኣጋይሽ መጋቤ ምስጢር ኣፈወርቅ ተከለ ካብ ፍርያት ቅዱስ ያሬድ ዝኾኑ ስራሕቲ ብምዝኽኻር ስፍሕ ዝበለ ዳህሳስ ፅሑፍ ኣቕሪቦም ‘ዮም። ከምኡ ‘ውን ፀሓፊ ተውኔት ኣያልነህ ሙላት ያሬድ ክንድምንታይ ንፈለጦ? ብምባል መንነት ቅዱስ ያሬድ ነዚ ወለዶ ኣመልኪቶም ‘ዮም። ከምኡ ‘ውን ጋዜጠኛ ንጉሰ ኣክሊሉ ድማ ብሓዘል ወግዒ ሓሳቦም ብቅኔ ዜማ ነተዓዳሚ ጋሻ ኣቅሪቦም ‘ዮም። ተፈላጢ ዘኾነ ናይ ጥበብ



ሰብ ሰርፀ ፍሬስበሃት ድማ ዜማ ቅዱስ ያሬድ እናስምዐ ብሞይኡ ብዛዕባ ዜማታት ያሬድ ትንታነ ሂቡ ‘ዩ።

ኣብዚ መድረኽ ዝተረኸቡ ዕዱማት ኣብዙይን ኣብ ካለኦትን ዛዕባታት ትኹረት ብምግባር ‘ቶም ዝጠፍኡ ወርቅታት ያሬድ ንምእላሽ ፃዕሪ ገይሮም ‘ዮም። ኣብቲ ዕለት ካብ ዝተገበሩ ኣለሻታት ድማ ኣብ ወመዝክር ዝረከቡ ጥንታዊ መፃሕፍቲ ግዕዝን ዓረበኛን መጉበናይ ነይሩ። ኣብዚ ድማ ካብ ዩኒቨርስቲ ጅማን ወልቅጤን ብዝመፅኡ ሙሁራን መተሓባበርቲ ኣብ ዙርያ እቲ ቅርሲ መብራህርሂ ሂቦምሉ። ምስ ስእላዊ መግለፂ ኣብ መፃሕፍቲ ብራናታት ዘለው ስራሕቲ ኪነ ጥበባዊ ቀዳሞት ወለዲ ዘርኢ ‘ዩ ኢሎም።

ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ውሽጢ ዘመነ መንግስቲ ኣኽሱም ክርስትና ናብ ልዑል ብርኪ ሓፍ ዝበለሉ እዋን ከምዝነበረ ይዛረቡ፤ ኣብቲ ዘመን ካብ ዝነበሩ ኾኾባት ቅዱስ ያሬድ ሓደን ዋናን ‘ዩ ነይሩ። ይኹን ‘ምበር ኣብቲ እዋን በይኑ ዘይኮነ ነይሩስ፤ ከም ሃፀይ ገብረመስቀልን ኣቡነ ኣርጋዊን ዝበሉ ከምዘነበሩ ይሕብሩ።

ሎሚ ኣለሻ ወፂእናሉ ዘለና ወርቂታት ቅዱስ ያሬድ ብእዋኑ ንክወፅኡን ዓለም ክፈልጦም ብዘይምግባረና ሎሚ ብዙሕ ነገር ኢና ስኢንና ዘለና ይብሉ ገለ ሙሁራት። ንኣብነት ብብርኪ ዓለም ዝፍለጥ ዘመናዊ ኖታ ዝተፍለጠ ብ10ይ ክፍለ ዘመን ብጣልያናዊ ናይ ሙዚቃ ሊቅ ዘኾነ ጊዶ ኣሪዞ ከምዝኾነ ‘ዩ። ዓለም’ውን ዝትፈልጦ ናይ መጀመርያ መሃዚ ኖታ እዚ ጣልያናዊ ‘ዩ። ዓለም ከምዚ እንተበለት ውን እቲ ዋና ሓቂ ግና ቅድሚኡ ሓሙሽተ ክፍለ ዘመን ቅድም ኣቢሉ ኣኽሱማዊ ቅዱስ ያሬድ ኖታ ምሂዙ ከምዝነበረ ‘ዩ።

ቅዱስ ያሬድ ኣብ ሻድሻይ ክፍለ ዘመን ዝተርኣየ ናይ ሙዚቃ ሊቅ ‘ዩ ነየሩ። ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ዘሎ ኣፈላላይ ናይ ዘመን ርሕቐት ፈፂሙ ዝራኸብ ኣይኮነን። እቲ ሓቂ ከምዚ ኮይኑ ግና ክሳብ ሐዚ ብሱቅታ ዝተቀበለናዮ ንምንታይ ይኾን፤ ናይ ያሬድ ኖታ ብዙሓት ከምዘኾኑ እንተተገለተፀ ‘ውን ብወናነት ግና ድርሰት ዜማታቱ ምስ ኖታኦም ዘለው ግና ሓሙሽተ ‘ዮም። ናይ ያሬድ ጥበብ መንፈሳዊ ጥራሕ ከምዘኾነ እንሓስብ ብዙሓት ኢና። ብውስን መልክዑ ሓቂ እንትኾነ ‘ውን ሙሉእ ግና ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣርባዕተ ቅኒት ሙዚቃ ኢትዮጵያ እንተርኢና ካብ ያሬድ ሙዚቃ ዝወፅኡ ከምዘኾኑ ኢና ንርዳእ። ብፍላይ ፅንሕ ዝበሉ ሙዚቃታት ኢትዮጷያ ያሬዳዊ ስልቲ ሙዚቃ ብንፁር ‘ዩ ዝርኣይ።

ብምትሕብባር ወመዘክር ቤተ መዛግብትን ቤተ መፃሕፍትን ኢትዮጵያን ትካል ያሬዳዊ ጥበብ፤ ስነ ውበትን መበልፀጊ ክዋነ ጥበብን ኢትዮጵያ ዝገበረዎ ፅቡቅ ተበገሶ ኣለሻ ወርቅታት ቅዱስ ያሬድ እዚ ዝጠፍአ ወርቅታት ንምርካብ ከምዝተበገስዎ ካልኦት ‘ውን ኣሰሮም ብምስዓብ ነቲ ዝጠፍአ ኣሊሾም ረኺቦም ብግቡእ ኣፋሊጦም ንክዕቀብዎ ዝገበርዎ ፃዕሪ ይበል ዘብልን ዝበረታታዕን ‘ዩ በዚ ‘ውን ቀፀሉሉ ክንብል ንፈቱ።

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ